# ርእሰ ዓንቀጽ

## ጠላም ባህርያት ስርዓት ህግደፍ

ስርዓት ህግደፍ እንታይ ዓይነት ጸረ-ህዝቢ ምዃኑ ንምፍላጥ ሎሚ ዝርዝር ምቕራብ ኣብ ዘየድልየሉ ደረጃ ከም ዘለና ኩላትና ንሰማማዓሉ እዩ:: ስለምንታይ ነቲ ጸረ-ህዝቢ ባህርያቱ ዝገልጽ ከሓዲ ተግባራቱ ምዝርዛር ስለ ዘጸግም ዘይኮነስ፡ ንኹሉ ኤርትራዊ ኮነ ጉዳይ ኤርትራ ዘገድሶ ኣካል ብሩህን ንጹርን ስለ ዝኾነ:: እንተኾነ ግና እቲ ስርዓት ክሳብ ዘይተወገደ ናይ ምቅልዑ ተግባር ዘይዕገት ምዃኑ ንኣምን::

ከምቲ ወለድና ‘‘ትውሕጦ ተበልኩዋስ ትጕስሞ’’ ዝብልዎ ምስላ ስርዓት ህግደፍ ነቲ ሓንሳብ ዝጀመሮ መንገዲ ክሕደትን ጥልመትን እናሓደረ ክውስኽሉ እምበር ክንክየሉ ኣይተራእየን:: ንኣብነት ሚዛኑ ኣብ ጉዳይ ኤርትራውያን ስደተኛታት ክሳብ ክንደይ ተገላባጥን ከሓድን ምዃኑ ከም ሓደ ኣብነት ምጥቃስ ይከኣል:: ንሓንሳብ ስደተኛታት ዝበሃል የብልናን ይብል:: እዚ ማለት ባዕሉ ኣብዚ ኣለኹ ንዝብል ሓቂ ምኽሓድ ማለት እዩ:: ንሓንሳብ ድማ ኤርትራውያን ስደተኛታት ምህላዎም ኣሚኑስ ነዚ እውን ከም ሓደ ናይ ኣታዊ ምንጪ ንምጥቃም ካብ ወለዶም ብዓሰርተታት ኣሽሓት ናቕፋ ዝግመት ገንዘብ ኣገዲዱ ይምንዝዕ:: እዚ ጥራይ ኣይኮነን ሳዕለዎት ወተሃደራዊ መኮነናቱ ኣዋፊሩ፡ ካብቶም ኩነታት መሪርዎም ካብ ኤርትራ ክወጹ ዝደልዩ መንእሰያት ገንዘብ እንዳተቐበሉ ናይ ይሕለፍ ወረቐት ከም ዝህብዎም ይገብር እሞ፡ ደሓር ካዝንኡ ምስ ኣህጠረ፡ ወይ ኣብ መንገዲ ጸኒሑ ሒዙ ይርሽኖም ወይ ድማ ካብ ወለዲ እቶም ባዕሉ ዘህደሞም መንእሰያት ገንዘብ ይእክብ:: ነዚ ኩሉ



ገበናት ፈጺሙ፡ ብዛዕባ ኤርትራውያን ስደተኛታት ክሕተት እንከሎ ድማ ንሓንሳብ ስደተኛታት ካብ ኤርትራ ወጻኢ የብልናን ኢሉ ሽምጢጡ ይኽሕድ ወይ ድማ ካብ ሓቂ ወጻኢ ዝኾነ መልሲ ይህብ:: ነቲ ውጽኢት ሕሰም ምምሕዳሩ ዝኾነ ስደት ከም ናይ መዘናግዒ ዙረት ዝቖጽረሉ ናይ ኣሽካዕላል ኣጋጣሚ’ውን ኣሎ:: ኣብ ስርዓት ህግደፍ ነዚ ክውንነት ናይ ምኽሓድ ተግባራት ንኹሎም ናይቲ ኢሳያስ ዝመርሖ ጉጅለ መሳርሒ ዝኾኑ ሓለፍቲ ዝወሃብ ዘይጥዑይ ናይ ስራሕ መደብ እዩ::

ሎሚ ኤርትራ ካብተን ዝበዝሑ ስደተኛታት ዘለውወን ሃገራት ዓለም ሓንቲ ምዃና ኩሉ ዝፈልጦ፡ ስርዓት ህግደፍ እውን ዋላ ተዘይደለዮ ክኽሕዶ ዘይክእል ሓቂ እዩ:: ሎሚ ዋላ እታ ካብ ወጻእተኛታት ስደተኛታት ነጻ እየ እትብል ሃገር ብውሕዱ ቁጽሮም ክንደይ ምዃኖም ብዘየገድስ ኤርትራውያን ስደተኛታት ኣለውዋ:: ሎሚ ብዙሓት ኣብ ናይ ዓለም ካርታ’ውን ስመን ክጥቀስ ሰሚዕናየን ዘይንፈልጥ ሃገራት ዓለም ኤርትራውያን ስደተኛታት ብምትእንጋደን ንላለየን ኣለና:: ዝያዳ ድማ ኣብ ጐረባብቲ ሃገራት ብሓፈሻ ብፍላይ ድማ ኣብ ኢትዮጵያን ሱዳንን ተዐቑቦም ዘለዉ ኤርትራውያን ክሳብ ክንደይ ብዙሓት ምዃኖምን እቲ ዋሕዚ ቀጻሊ ምህላዉን ዝኾነ ኣካል ክኽሕዶ ዘይክእል፡ ባዕሉ ኣፍ ኣውጺኡ ዝዛረብ ሓቂ እዩ:: እቲ ሓቂ እዚ ክነሱ ኣንበሳደር ስርዓት ህግደፍ ግርማ ኣስመሮም ኣብዚ ቀረባ ግዜ ኣብ ኢትዮጵያ ስደተኛታት የብልናን ዝቓንኡ መልእኽቲ ናብ ሕብረተሰብ ዓለም ምትሕልላፉ ክሳብ ክንደይ እዚ መንግስቲ ዓይኑ ጨው ተሓጺቡ ንክሕሱን ክኽሕድን ተዳልዩ ከም ዘሎ ዝሕብር ተረኺቦ እዩ:: ንሱ ኣብዚ መስሓቕ ዓለም ዝኾነሉ ናይ ሓሶት መግለጺኡ፡

ኣብ ኢትዮጵያ ኤርትራውያን ስደተኛታት የለዉን፡ እቶም ስድተኛታት ተባሂሎም ዝዝረበሎም ዘለዉ ኤርትራውያን ንቡር

ህይወቶም እናመርሑ፡ እንከለዉ ሓይሊታት ምክልኻልን ሃገራዊ ድሕነትን ብዝምውሎን ብዝተወሃህደ ኣገባብን ግዳይ ዝኾኑ ዘለዉ እዮም።

ምሉእ ብምሉእ ኣብ ትሕቲ ወተሃደራዊ ትካላትን መዓስከራትን ኢትዮጵያ ተዳጕኖም ዝርከቡ ኤርትራውያን እዮም።

ሃገረይ ኤርትራ ካብ ዝተፈላለዩ ሃገራት ናብ ሃገሮም ዝተጠረዙ፡ 850 ኤርትራውያን ሰብኣዊ ክብረቶም ብዝሓለወ ተቐቢላ እያ ይብል።

ግደ ሓቂ ንምዝራብ ሎሚ ነቲ ኣብ መደበራት ሽገራብ፡ ሱዳን፡ ሽመልባ፡ ማይ ዓይኒ፡ ኣስሓይታን በራሕለን ኣብ ኢትዮጵያ፡ ዘሎ ኩነታት ኤርትራዊ ስደተኛ  ዘይፈልጥ መንግስትን ህዝብን ኣብዛ ዓለምና የለን። ተወከልቲ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ፡ ሕብረት ኤውሮጳን ካልኦት ብሰብኣዊ ጉዳያት ዝግደሳ ትካላትን ነዚ መደብራት ኣብ ዝተፈላለየ ግዜ በጺሐነኦስ በዚ ኣቢለን ኣሉታዊ ምስሊ ስርዓት ህግደፍ ክርደኣ ክኢለን እየን። ምረትን ጸገምን ኤርትራውያን ንሕብረትሰብ ዓለም’ውን ሓላፍነት ዘሰክሞ ምኳኑ ብምርዳእ ኤርትራውያን ንምሕጋዝ ዝተፈላለየ ረድኤት ዝሃባን ፖለቲካዊ ዑቕባ ዝፈቐዳን ሃገራት’ውን ውሑዳት ኣይኮናን። እሞ እዚ መግለጺ ስርዓት ህግደፍ ደኣ ዓይኒ መን ደፊኑ’ዩ ዝኽሕድ ዘሎ። ምኳን ምስቲ መራሒ ህግደፍ ዲክታቶር ኢሳያስ ኣፈወርቂ ኣብዚ ቀረባ እዋን ብዛዕባ ዋሕዚ ኤርትራውያን መንእሰያት ናብ ስደት ብማዕከን ዜና ሮይተርስ ተሓቲቱ ኣብ ዝሃቦ መልሲ ‘’ ደሓን ናብ ዙረት እዮም ዝኸዱ ዘለዉ’ሞ ሓደ እዋን ክምለሱ እዮም’’ ዝበሎ ሰሚዕካ እዚ ክሕደቶም ከም ሓደ ንቡር ተመኩሮ ይውሰድ ይኸውን። እዞም እቲ ስርዓት ናብ ዙረት እዮም ከይዶም ኢሉ ዝባጭወሎም ዘሎ ኤርትራውያን መንእሰያት እቶም ብናይ ሞትን ሕየትን ዘይውሑስ መንገዲ ዝስደዱ ዘለዉ እዮም። ካብኣቶም ክንደይ



ህይወቶም ኣብ ጉዕዞ ይሓልፍ ከም ዘሎ ድማ ካልእ ብስርዓት ህግደፍ ዝከሓድ ዘሎ ሓቂ እዩ። እቶም ካብ ወጻኢ ተጠሪዞም ሰብኣዊ ክብሮም ተሓልዩ ግቡእ ኣቀባብላ ተገይርሎም ዝበሃሉ ዘለዉ ድማ ግዳያት ናይ ዓዲ ኣብዮቶን ዊዓን እዮም። ስለዚ ተግባራት እቲ ስርዓት ክሕደት ጥራይ ዘይኮነስ ዝያዳ ኣብ ልዕሊ እቲ መከራ ዝዕዘብ ዘሎ ህዝቢ ኤርትራ ዘለዎ ንዕቀትን ኣሽካዕላልን ዘንጸባርቕ እዩ።

እቲ ስርዓት ምናልባት ኣብቲ ‘’ሓሶት’ውን እንተተደጋጊሙ ሓቂ ይኸውን’’ ዝብል ዓቕሊ ጽበታዊ ሕልሚ የኹድድ ምህላሙ ምግማት ኣየጸግምን። ዋል’ኳ ከምቲ ኣቐዲሙ ዝተገልጸ እዚ ሓሶት ስርዓት ህግደፍ ዓለም ብሳላ ናይ መራኸቢ ተክኖሎጂ ዕቤት ናብ ሓንቲ ቁሸት ኣብ ዝተቐየርትሉ መዋእል ይንዛሕ ስለ ዘሎ ክሕባእ ከም ዘይክእል ንጹር እንተኾነ፡ እቲ ኣብ ኢትዮጵያ ዝነብሩ ኤርትራውያን ስደተኛታት ብ14 ሕዳር 2009፡ ነቲ ሓሶት ናይ ኣንበሳደር ስርዓት ህግደፍ ንምቅላዕ ዘውጽእዎ ጋዜጣዊ መግለጺን ኣብ መደበር ስደተኛታት ዝተኻየደ ሰላማዊ ሰልፊታትን ተወሳኺ ድርኺት ከም ዝኸውን ዘጠራጥር ኣይኮነን። እዚ ድማ ኣብ ኩሉ ኩርነዓት ዓለም ብዝተፈላለየ ኣገባባት ቀጻሊ ክኸውን ይግበኦ። ስለምንታይ ንከሓዲ ከሓዲ እንተዘይኢልካዮ እቲ ክሕደት መቒርዎ ብኣኡ ስለ ዝዕዘር። ንኣብነት ኣብ ኢትዮጵያ ዝነብሩ ኤርትራውያን ብሓይልታት ጸጥታ ተገዲዶም ምስ ትዳጕኑ እዮም ስደተኛታት ዝበሃሉ ዝብል ጠቐነ ከቕርብ እንከሎ፡ እቶም ሕሰሙ መሪርዎም ካብ ኤርትራ ዝመጹ እውን ንክውንነቶም ዝሕብር ድምጾም ከስምዑ ናይ ግደን እዩ ንብል። እቶም ኣብ ኢትዮጵያ ኣብ ሰላማዊ መነባብሮ ዘለዉ ኤርትራውያን እውን ተገዲዶም ናብ መደበር ስደተኛታት ከም ዘይኣትዉ ምስክርነቶም ክህቡ ይግበኦም። ከምኡ ኣብ ክንዲ ምግባር መራጕድቲ ናይቲ ስርዓት ሓሶትን ክሕደትን ምኳን ግና ንገዛእ ርእስኻ ባዕልኻ ምብዳል ኣብ ልዕሊ ምኳኑ ኣብ ቅድሚ ታሪኽ’ውን ዘሕትት እዩ።

ነዚ ምስ ኩነታት ስደተኛታት ዝተተሓሓዘ ከሓዲ ባህሪ ስርዓት ህግደፍ ኣብዚ ኣጋጣሚ ክንገልጽ እንከለና ብመንጽር እዋናውነት ዝያዳ ቆላሕታ ምሃቡ ኣገዳሲ ይኸውን ካብ ዝብል እንተዘይኮይኑ ክሕደታት ናይቲ ስርዓትስ ከምቲ ኣቐዲሙ ዝተገልጸ ማእለያ ዘየብሉ ብዙሕ'ዩ:: ስርዓት ህግደፍ ብፖለቲካዊ ኮነ ብሃይማኖታዊ እምነቱ ዝተኣሰረ የብልናን:: እቶም ኣለዉ ዝበሃሉ እሱራት ብገበንን ክሕደትን ዝተኣስሩ እዮም ምባሉ ዝተለምደ እዩ:: እንተኾነ ሎሚ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ኣብያተ ማእሰርቲ ዝያዳ 300 ከም ዝበጽሓን ካብቶም እሱራት ዝለዓለ ቁጽሪ ዝሕዙ ድማ ካብ ድሌት እቲ ስርዓት ወጻኢ ናይ መሰሎም ተጠቀምቲ ክኾኑ ስለ ዝፈተኑ ጥራይ ዝተኣሰሩ ምዃኖም፡ እቲ ብሕልና ኣብ ገገዝኡ እንከሎ ተኣሲሩ ዘሎ ህዝቢ ኤርትራ ዝፈልጦ እዩ:: ኮታ ሎሚ ንሃገርና ኤርትራ ‘’ናብ ዓባይ ቤት ማእሰርቲ ዝተቐየረት ሃገር’’ ዝብል ቅጽል ዝህብዋ ጸሓፍትን ተመራመርትን ብዙሓት እዮም:: ነቲ ኣብ ኤርትራ ንጥሜት ሓዊስካ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ዝወርድ ዘሎ ማሕበራዊ ጸገማት እውን ስርዓት ህግደፍ ዝኽሕዶ'ምበር ኣሚኑ ፍታሕ ክረኽበሉ እንጽበዮ ኣይኮነን:: ስለዚ ነቲ ስርዓት ወገድ ክሕደትን ጥልመትን ምባሉ ንህዝቢ ኤርትራ ዝጽበዮ ዘሎ ዕማም'ዩ::

***ስርዓት ህግደፍ ኩሉ ጽረ-ህዝቢ ተግባራቱ ተቓሊዑ ብሓሶትን ምድንጋርን ኣብ ስልጣን ዝቕጽለሉ ዕድላት ተጸንቂቑ እዩ::***



# ሓተታ

## ሕጂ'ውን ናይ ሓድነትናን ብዙሕነትና ዋሕስ ኤዲኪ እዩ

‘’ሓድነት ሓይሊ እዩ፧ ኣጻብዕ ምስ ዝሓብራ ኣርቃይ የጸንበዓ፧ ሺሕ ፈልጺ መእሰሪኦን ልሕጺ....” ወዘተ ዝብሉ ሓረጋትን ምሉእ ሓሳባትን ኣገዳስነትን ወሳንነትን ሓድነት ዘዕዝዙ ኣበሃህላታት እዮም:: ስለምንታይ ሓድነት ሓይሊ ስለ ዝኾነ:: ሓድነት ፍልጠት ስለ ዝኾነ፡ ሓድነት ዓቕሚ ስለ ዝኾነ:: ሓድነት ካብ ሓደ ንላዕሊ ዝኾኑ ሰባት፡ ውድባት፡ ማሕበራትን መሰል ውዳበታትን ዝፈጥርዎ ኣገዳሲ መሳርሒ ስለ ዝኾነ:: እዞም ኣካላት ነዚ ሓድነት ዝምስርትዎ በዚ ሓድነትዚ ኣቢሎም ክበጽሕዎ ዝደልዩ ናይ ሓባር ሸቶ ወይ እስትራተጂ ክህልዎም እንከሎ እዩ:: ስለዚ ኢና ድማ ሓድነት፡ ሓድነት ኮይኑ ንኽቕጽልን ንክጸንዕን ናይቶም መስረቱ ረብሓ ብማዕረ ዘረጋግጽ ክኸውን ይግበኦ እንብል:: ከምኡ እንተኾይኑ እዩ ድማ ሓድነት ብኩሎም'ቶም መስረቱ ሓለዋን ጥንቃቐን ዝግበረሉ:: ሓድነት ክንድቲ ወሳኒ ናይ ምዕዋት መሳርሒ ምዃኑ፡ ንምርግጋጹ ዝሓቶ ዋጋን ጻዕርን'ውን ከቢድ እዩ:: ዝሓቶ ግዜ'ውን ከምኡ:: ጉዕዞ ሓድነት ነዊሕ ጥራይ ኣይኮነን እንተላይ ብዙሕ ውረድ ደይብን ሓጐጽጐጽን ዘለዎ እዩ:: እዚ ነዊሕ ጉዕዞን ክቡር ዋጋን ምእንቲ ሓድነት ንክዕወት ድማ ከም ጹረት፡ ምክእኣል፡ ምትእምማን፡ ትዕግስትን ምክብባርን ዝኣመሰሉ ወሰንቲ ኣምራት ክረጋገጹ ይግበኦም:: ነዚኣቶም ኣናኢስካ ኣብ ክንዲ ናይ ኩልና ናተይ፡ ኣብ ክንዲ ንኹልና ነዓይ ጥራይ፡ ኣብ ክንዲ ምቅብባል ምንጽጻግ ኣብ ዝሳዕረርሉ ህሞት ግና ሓድነት ክረጋገጽ ኣይክእልን:: ኮታ ሓድነት ማለት ውሽጣዊ ዓቕምኻ ብናይ ደገ ድፍኢት ናብ ዘይዝረግ ናይ ለውጢ መሳርሒ ምቕያሩ ማለት እዩ::

ርግጽ'ዩ ሓድነት ከምቲ ኣገዳስነቱ ሰፊሕ ባህርያት ኣለዎ:: ናይዚ ጽሑፍና መንቀሊ ድማ ኣብዚ ሰፊሕ ናይ ሓድነት ባህርያት ኣቲኻ ምሕንባስ ዘይኮነስ ሓድነትን ኤርትራዊ ደሞክራሲያዊ ኪዳንን ዘለዎም ምጽልላው ዝምልከት ውሱን ሓሳባት ወስ ንምባል እዩ:: ኣብዚ እዋንዚ ኣብ ኤርትራ

ዘሎ ፖለቲካዊ ኩነታት ብሓፈሻዊ ኣገላልጻ በቲ ኣብ ኤርትራ ዝገዝእ ዘሎ ጸረ-ህዝቢ ሓይልን በቲ ነዚ ሕይሊ'ዚ ንምውጋዱን ብደሞክራሲያዊ ስርዓት ንምትክኡን ዝቃለስ ዘሎ ደንበ ተቓውሞን ዝተቓነየ'ዩ:: ስርዓት ኤርትራ እዚ ዘሎ ተቓውሞ ደቝሱ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ቸቸ ኢሉ ንምንባር ዘኽእሎ ናቱ መንገዲ ኣለዎ:: ነዚ ዝመረጾ መንገዲ ንምዕዋት ድማ ንህዝቢ ኣእሚኑ ኣብ ጕድኑ ናይ ምስላፍ ዓቕሙ ምስ ተጸንቀቐ፡ ይኣስር፡ ይቐትል ከምኡ ድማ ሓድነት ህዝብና ዝዘርግ እሾኽ ዳንዴር ይዘርእ:: በዚ ኣብ ዘይዓገበሉ ድማ ዶብ ሰጊሩ ምስ ጐረባብቲ ሃገራት ምኩርባብ'ውን ካልእ ናይቲ ስርዓት ኣሉታዊ መለለዪ እዩ:: መሰል ምጽሓፍ፡ ምዝራብ፡ ምሕሳብን ዝኣመንካሉ ሃይማኖት ናይ ምስዓብን ይእግድ:: ስለዚ ኢና ድማ  እቲ ስርዓት ህግደፍ ሒዝዎ ዘሎ ምምሕዳራዊ ስልቲ ዝተዋህበ ስም ይወሃቦ ብዘየገድስ ኣፍና መሊእና ጸረ ህዝብን ዓመጸኛን እዩ ንብሎ ዘለና::

እቲ ነዚ ስርዓት'ዚ ኣወጊዱ ኣብ ክንድኡ ህዝባዊ፡ ቅዋማዊ ኣብዘሓ ሰልፋውን ስርዓት ክተክል ዝቃለስ ዘሎ ናይ ተቓውሞ ሓይሊ ድማ ናቱ እስትራተጅን ሜላታትን ኣለውዎ:: ደንበ ተቓውሞ ኤርትራ ከም ሓደ ኣገዳሲ እስትራተጂካዊ መሳርሒ  ሒዙ ዝሰርሓሉ ዘሎ ድማ ነቲ ናይ ለውጢ ሓይልታት ኣብ ሓደ ሰፊሕ መድረኽ ምምጻእን፡ ነዚ መድረኽ ምሕያሉን እዩ:: ናይዚ መድረኽ ናይ ምፍጣር ምስጢር ድማ ተበታቲኑ ከድምዕ ዘይክኣለ ዓቕምታት ኣብ ሓደ ኣምጺእካ ኣድማዒ ናይ ለውጢ ሓይሊ ከም ዝኸውን ምኽኣል እዩ:: ኤርትራዊ ደሞክራሲያዊ ኪዳን እምበኣር ውጽኢት ናይዚ  ሓድነታዊ መስርሕን ጻዕርን እዩ::

ሓድነት ሰፊሕ  ኮይኑ ከከም ባህሪ ናይቶም ነቲ ሓድነት ዝፈጥሩ ኣካላት ዝተፈላለየ ዕምቆትን ሚዛንን ኣለዎ:: ንኣብነት እቶም ነቲ ሓድነት ዝምስርቱ ኣካላት ኣብ መንጎኦም ዝኾነ ይኹን ፍልልይ ዘይብሎም እንተኾይኑ ዝፈጥርዎ ሓድነት ፍጹማዊ ሓድነት እዩ:: እንተኾነ እቶም ሓድነት ዝፈጥሩ ኣካላት ዝፈላለይሉን ዝሰማምዕሉን ጉዳያት እንተልይዎም እቲ ዝምስርትዎ ሓድነት ኣብቲ ዝሰማምዕሉ ነጥብታት ጥራይ ዝተደረተ ኮይኑ ነቲ ፍልልያቶም ድማ ሓደ ነቲ ሓደ ብዝህቦ ኣፍልጦን ምክብባርን ዓቒበምዎ ይኸዱ:: በዚ ድማ ፍልልያዊ ሓድነት ይረጋገጽ::



ነዚ ክለሳ ሕሳብ'ዚ ሒዝና ናብ ኩነታት ኤርትራዊ ደሞክራሲያዊ ኪዳን ክንምለስ እንከለና ሓድነትና ነቲ ብኻልኣይ ደረጃ ዝጠቐስናዮ ፍልልያዊ ሓድነት ዝምጥን እዩ:: እዘን ሕጂ ንኤርትራዊ ደሞክራሲያዊ ኪዳን ኣቝመን ዘለዋ 13 ውድባትን ሰልፍታትን ብመሰረት ፖለቲካዊ መደብ ዕዮታተን ፍልልያት ኣለወን:: ዝሰማማዓሉ ድማ ኣለወን:: ስለዚ ነቲ ፍልልያተን ብኻልኣይ ደረጃ ኣትሒዘን ኣብቲ ዝሰማማዓሉ ኣትኪለን ይሰርሓ:: ውድባትና ኣበይ ይፈላለያ ኣበይከ ይመሳሰላ ኣብቲ ብጉባኤታት ኤርትራዊ ደሞክራሲያዊ ኪዳን ዝጸደቐ ሰነዳትን ኣብ ናይተን ኣባል ውድባት ፖለቲካዊ መደብ ዕዮታትን ዝሰፈረ ስለ ዝኾነ ኣብዚ ምዝርዛሩ ናይ ግደን ኣይኮነን ዝብል እምነት ኣለና:: ሓደ ዓቢይ ጉዳይ ንምጥቃስ ዝኣክል ግና ነዚ ኣብ ኤርትራ ዝገዝእ ዘሎ ዘይዲሞክራሲያዊ ሓይሊ ኣወጊድካ ኣብ ቦታኡ ናይ ህዝቢ ወሳንነት በሪኽ ቦታ ዝሕዘሉ ብቅዋም ዝምራሕ ደሞክራሲያዊ መንግስቲ ምትካል ናይ ኩለን ውድባት ናይ ሓባር ዕማም እዩ::

ኣብ ኤርትራዊ ደሞክራሲያዊ ኪዳን ኮይና ብዛዕባ ሓድነት ክንዛረብ እንከለና ብዛዕባ ኣብ ውድባትን ሰልፍታትን ጥራይ ተደሪቱ ዝተርፍ ሓድነት ኣይኮናን ንዛርብ ዘለና:: እቲ ቀጻሊ ውሕስነት ዘለዎ ሓድነት እቲ ኣብ ህዝቢ ዝሰርጽ ኣርሒቁ ዝጥምት ሓድነት እዩ:: ስለዚ እቲ ናይ ዕቤትን ሰላምን ዋሕስ ዝኸውን ሓድነት እቲ ኣብ ፖለቲካዊ ውዳበታት ጥራይ ዝድረት ዘይኮነስ ኣብቲ ስርዓታት እንተሓለፉ'ውን ዘይሓልፍ ህዝባዊ ሓድነት ዝስረት እዩ:: ስለዚ ጉዳይ ሓድነት ከነልዕል እንከሎና መሰረታዊ መዕቀኒና ውድባዊ ወይ ሰልፋዊ ረብሓ ዘይኮነስ ቀጻሊ ህዝባዊ ረብሓታት ዘዕዝዝ ሓድነት ክኸውን ይግበኦ በሃልቲ ኢና:: ብዙሕነታዊ ሓድነት ሕዝቢታት ኤርትራ ኢና ንዛረብ ዘለና::

ንሕና ከም ኤርትራዊ ደሞክራሲያዊ ኪዳን ሓድነት ክንብል እንከለና ነቲ ብግቡእ እንተ ኣመሓዲርናዮ መልክዕናን ክብርናን ዝኾነ ብዙሕነትና ኣብ ኩሉ መዳያት ግቡእ ክብሪ ክንህቦ ይግበኣና:: ኣብዚ መዳይዚ ኪዳን ኣመዝጊብዎ ዘሎ ዓወት ቀሊል ግምት ዘይወሃቦ ኮይኑ፡ ዝበዝሐ ጻዕሪ ከም ዝጽበየና ግና ክንስሕቶ ኣይግበኣናን:: እዚ ክሳብ ክንድዚ ኣገዳስነት ዘለዎ ሓድነት ናይ ምርግጋጹ ዕማም ንውድባት ወይ ሰልፍታት ጥራይ ዝግደፍ

ኣይኮነን፡፡ ህዝቢ ኤርትራውን ነዚ መጻኢ ዝሓሸ ህይወቱ ኣብ ምውሓስ ወሳኒ ብጽሒት ዘለዎ ሓድነት ኣብ ምዕዋት ዕዙዝ እጃሙ ከበርክት ትጽቢት ይግበረሉ፡፡ ስለምንታይ ምርግጋጽ ሓድነት ማለት ስርዓት ህግደፍ ንምስዓር ወሳኒ  ናይ ለውጢ መሳርሒ ምውናን ማለት ስለ ዝኾነ፡፡

# እዋናዊ ጉዳይ

<u>ኤርትራዊት ጓለንስተይቲ</u>

‘’ደቂ ኣንስትዮ ፍርቂ ሕብረተሰብ ስለ ዝኾና ብዘይ ተሳትፎአን ዝዕወት ቃልሲ የለን’’ ዝብል ጥቕሲ ኣብ ተመኩሮና ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ኩሉ ሃገራዊ ሓርነታዊ ምንቅስቓሳት ክቃላሕ ዝጸንሐ ውዕዉዕ ጭርሖ እዩ፡፡ እዚ ኣብሃህላ’ዚ ኣብ ግዜ ብረታዊ ቃልሲ ምእንቲ ነጻነት ጥራይ ዘይኮነ ኣብዚ ንርከበሉ ዘለና ናይ ደሞክራስን ዕቤትን መዋእል እንተኾነ’ውን ዘይስገር ብጽሒት ኣለዎ፡፡ እዚ ኣበሃህላ’ዚ ንደቀኣንስትዮ ድርብ ናይ ቃልሲ ሓላፍነት ዘሰክመን እዩ፡፡ በቲ ሓደ ወገን ጾታዊ ዕብለላ ንምውጋድ በቲ ካልእ ወገን ድማ ምስ ደቂ ተባዕትዮ  ኣሕዋተን ኮይነን ዝሓሸ ህይወት ንምፍጣር፡፡  ስለዚ ነዚ ዝተሓላለኸን ድርብን ቃልሲ ንምዕዋት ዝረቐቐ ሜላን ልዑል ተወፋይነትን ዝሓትት ይኸውን፡፡

ኤርትራውያን ደቂ ኣንስትዮ ፍርቂ ሕብረተሰብ ምዃነንን ብዘይናታተን ተሳትፎ ዝዕወት ቃልሲ ከም ዘየለን ብዝምልከት ዝነበረን ንጹር ተረድኦ ኣብ ግዜ ብረታዊ ቃልሲ ኣረጋጊጸነኦ እየን፡፡ እዚ ናታተን ተመኩሮ ኣብ ኤርትራዊ ክሲ ጥራይ ከይተደረተ ንካልኦት ደቂ ኣንስትዮ ዓለም’ውን ኣብነት ብዝኸውን መልክዑ ሰፊሕ ጽልዋ ኣሕዲሩ እዩ፡፡ በዚ ኩነታተን ኣብ ቃልሲ ዝተደነቐ ብዙሓት ተመራመርቲ ድማ ኣብዚ መዳይዚ ጽሒፎምን መዲሮምን እዮም፡፡ እዚ እቲ ኣብ ቀዳማይ ምዕራፍ ናይቲ ቃልሲ ዘመዝገበኦ ዓወት ኮይኑ ኣብዚ ንርከበሉ ዘለና ናይ ድሕሪ ነጻነት ግዜ ግና በቲ ሓደ ወገን ከም ኣካል ህዝቢ ኤርትራ፡ በቲ ካልእ ወገን ድማ ከም ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ተደራራቢ ወጽዓ ዝርከባ ዘለዋ እየን፡፡ ኮታ ሞሳ ቃልሰን



ኣይረኸባን፡፡ ዋላ’ኳ ኣብ ልዕሊ መላእ ዝህብና ወጽዓ ዝኣወጀ ስርዓት ህግደፍ ኣብ ጉዳይ ደቂ ኣንስትዮ በጺሑ ንድሕሪት ከም ዘይብል ፍሉጥ እንተኾነ፡ ወጽዓ ደቂ ኣንስትዮ ግና ዝያዳ ኣዘራራቢ ክኸውን ናይ ግድነት እዩ፡፡

ስርዓት ህግደፍ ሓላዪ መሰል ደቂ ኣንስትዮ መሲሉ ካብ ዝቐርብ ነዊሕ ግዜ ኮይኑ እዩ፡፡ ብስመን ሃማደኤ ብዝብል ስም ናይ ይምሰል ማሕበር ካብ ምስርተለን’ውን ከምኡ ነዊሕ ግዜ ዘሕለፈ እዩ፡፡ እነሆ’ኳ ኣብዚ ቀረባ እዋን፡ እዚ ስማዊ ማሕበር’ዚ ዝተመስረተሉ መበል 30 ዓመት ንምዝካር ዝግበር ወጃዕጃዕን ሸበድበድን ክንከታተል ጸኒሕና፡፡ እቲ ቁምነገር ግና ብሳላ’ዚ ማሕበርዚ ኤርትራውያን ደቂ ኣንስትዮ እንታይ ረብሓ ረኺበን? ዝብል እዩ፡፡ ሎሚ ኤርትራውያን ደቂ ኣንስትዮ እቲ ኣብ ግዜ ብረታዊ ቃልሲ ዝነበረ ቅያአን ተኻሒዱ ክብሪ ተሓሪምወን ዓስቢ መስዋእተን ተነፊግወን ኣብ ተራ ትሑት ደረጃ ወሪዱ ክስደዳን ክከላበታን ዝተገደዳሉ ተመኩሮ ርኢና ኢና፡፡ እቲ ስርዓት ግና በቲ ብውሱናት መሳሪሕኡ ዝኾና ደቂ ኣንስትዮ ዝዝወር ማሕበር ኣቢሉ ነቲ ዘለዎ ጸረ ደቂ ኣንስትዮ ምስሉ ንምኽዋል ውሱናት ሚኒስተራት የዋፍር፡፡ ናይዘን ናይቲ ስርዓት ናይ ረብሓ ተኻፈልቲ ዝኾና ናይቲ ማሕበር ሓለፍቲ፡ ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራ ነቲ ወጻዒ ስርዓት ብጓይላን ሳዕሳዒትን ከም ዘድምቓ ምግባር እዩ፡፡

ኣብተን ሓፋሽ ደቂ ኣንስትዮ ተመጻእና ግና ከምቲ ኣቐዲሙ ዝተገለጸ፡ ሎሚ ካብቲ ናይ ግዜ መግዛእቲ ብዘይፍለ ብኻ መኻን ኮይነ መተፈጠርኩ ኣብ ዝብላሉ ደረጃ እየን ዝርከባ፡፡ መንእሰያት ናይ ምምሃር ኮነ ተመርዒኻ ኣብ ቁምነገር ናይ ምብጻሕ መሰለን ተገፊፉ ብዘይ ድሌተን ሳዋ ሰፊረን መፍቶ ወተሃደራዊ መኮንናት እቲ ስርዓት ኣብ ዝኾናሉ ኢና ንርከብ ዘለና፡፡ እተን ዝወለዳ ኣዴታት ድማ ደቀን ብቐረባ ተኸታቲለን ናይ ምዕባይን ኣብ ቁምነገር ምብጻሕን መሰል ተነፊግወን ናይ ወላድ መኻናት ኣብ ዝኾናሉ ደረጃ እየን ዝርከባ፡፡ ሓያሎ ኣዴታት ግዱድ ውትህድርናን ሕሱም መነባብሮን ስርዓት ህግደፍ መሪርዎም ብዝተሰደዱ ደቀን ብሻቕሎት ይሕመሳ ኣለዋ፡፡ እዚ ከይኣኽለን ዋጋ ናይቶም ኣብ መንግስቲ ምስተዓስከሩ ዝተሰዱ ንዓቕሚ ኣዳምን ህይዋንን ዝበጽሑ ደቀን መቕጻዕቲ ብዓሰርተ ኣሽሓት ናቕፋ ክፈላ ተባሂለን ኢድ ምስ ሓጸረን ናጽላታት ሒዘን ኣብ

ኣብያተ-ማእሰርቲ ዝማስና ዘለዋ ኣዴታትን ኣሓትን ብዙሓት እየን:: ገለገለ'ውን ኣቦታቶም እቲ ስርዓት ኣብ ዘሳወሮ ዘይቅኑዕ ውግእ መይተምዎም ዝዘኽተሙ ቆልዑት ሒዘን ናብራ ከቢሩ ሰላም ምስ ሓረመን ደቀን ሒዘን ምስ ተሰደዳ ኣብ ፈቐዶ ካብ ኤርትራ ወጻኢ ዝርከብ መደበር ስደተኛታት ይሳቐያ ኣለዋ:: ኣብ ፈቐዶ ዶባት ምስ ሕዝሎ ደቀን ድራር ጥይት ሓለውቲ ዶባት ዝተፈላለዩ ሃገራት ዝኾና ኤርትራውያን ኣዴታት'ውን ውሑዳት ኣይኮናን::

ኣብ ኤርትራ እንተኾነ ሰለስተ ኣርባዕተ ካብኡ ሓሊፋ ብውሕዱ ሓደ ውላዳ ምእንቲ ነጻነት ሞባእ ዘይከፈለት ኣደ የላን እንተተባህለ ምግናን ኣይኮነን:: ኤርትራውያን ኣዴታት ከምቲ ንደቀን ትብዓት ኣስኒቐን ናብ ቃልሲ ዝለኣኽኦም ንመስዋእቶም'ውን ንኹሉ ተጸሚመን ከም ንነጻነት ዝተኸፍለ ዋጋ ብጸጋ ተቐቢለነኦ:: ነቲ ዝሓዘነ ናይ ወላድ ለዋህ ማህጸነን ብነጻነትን ጸጋታቱን ክድበሰኦ ድማ ድልዋት ነይረን:: እንተኾነ ድሕሪቲ ደቀን ናይ ህይወት ዋጋ ከፊሎም ዘወገድዎ መግዛእቲ'ውን እቲ ወጽዓ ካብ ዝባነን ከም ዘይወረደ ምስ ተዓዘባ ሓዘነን ተደጊሱ:: ኣይካብ ደቀን ኣይካብ ጸጋታት መስዋእትነቶም ኣብ ማእከል ጕልጕል ተሪፈን:: እታ ክንዲ ውላድ ደቀን ዝበሃጋኣ ነጻነት ንረብሓአን ኣይኮነትን:: ሓዘነን በዚ ኣይኣኸለን:: ሎሚ ብዙሓት ኤርትራውያን ኣዴታት በቶም ብሰንኪ ስርዓት ህግደፍ ናብ ስደት እናምርሑ ኣብ ባሕርን ምድረበዳን ዝቕዘፉ ዘለዉ ደቀን ኣብ ዓው ኢልካ ምብካይ ዝተሓረመሉ መሪር ሓዘን'የን ዝርከባ::

ርግጽ'ዩ እቲ ዝሓለፈን ዘሎን ሃለዋት ኤርትራውያን ደቂ ኣንስትዮ ምግላጹ'ኳ ኣገዳሲ እንተኾነ እቲ ቀንዲ ቁምነገር ግና ኣብ ዝሓለፈ ምቛዛም ዘይኮነ፡ ''እሞ ሕጂኸ እንታይ ይገበር''? ዝብል ሕቶ ምልዓልን መልሱ ሃሰስ ምባልን እዩ እቲ ኣገዳሲ ዝኸውን:: ኤርትራውያን ደቂ ኣንስትዮ መሰለን ብናታተን ቃልሲ እምበር ብህያብ ከም ዘይወሃበን ካብ ቀደም ዝተረድእኦ እዩ:: ስለዚ በቲ እቲ ስርዓት ኣብ ልዕሊኣን ዝፈጸሞን ዝፍጽሞ ዘሎን ግፍዒ ርእሰን ከየድነና ናብ ቃልሲ ምእንቲ ደሞክራሲ ክወፍራ ይግበአን:: ሎሚ ኣብ ደንበ ተቓውሞ ኣብ ኩሉ ጽፍሕታት ማለት ፖለቲካዊ ውድባት ኮነ ሲቪካዊ ማሕበራት ዘለወን ተሳትፎ ኣዝዩ ውሱን እዩ:: እዚ ድማ ሓደ ዓቢ ክፋል ሕብረትሰብን ኣገዳሲ ናይ ለውጢ ሓይልን



በኹሩ ከም ዘሎ ዘረድእ እዩ:: ስለዚ ነዚ ሃንፍዚ ኤርትራውያን ደቂ ኣንስትዮ ብዝትኮበለን ኮታ ዘይኮነስ ብተሳትፎአን ክመልእኦ ሓላፍነት ኣለወን:: ናብ ቃልሲ ናይ ምትንሰአን እዋን ድማ ጽባሕ ዘይኮነስ ሎሚ'ዩ:: ርግጽ እዩ ኤርትራውያን ደቂ ኣንስትዮ ሎሚ ውን ናይ ወጽዓ ኣርዑት ካብ ዝባነን ኣይወረደን ካብ በልና፡ ቃልሰን'ውን ህያው ምዃኑ ዘማትእ ኣይኮነን:: ግና ብመንጽር እቲ ትጽቢትና ህልዊ ተሳትፎአን ኣዝዩ ውሱን እዩ'ሞ በዚ ኣጋጣሚ ሃየ ተሳትፎኽን ኣሕይላ ንብለን:: ስለምንታይሲ ብዝሓለፈ ዝናን ጅግንነት ጥራይ ስለ ዘይንበር:: እታ ኣብ ግዜ ቃልሲ ምእንቲ ነጻነት ቅያ ዝሰርሐት ኤርትራዊት ጓልኣነስተይቲ ኣብዚ ሎሚ እዋን ተሳትፎኣ ክዝሕትል ድማ ብዝኾነ መለክዒ ቅቡል ኣይኮነን::

በዚ ኣጋጣሚ፡ እቲ ብኤርትራውያን ዝተጻውዐን ነቲ መሳርሒ ስርዓት ህግደፍ ዝኾነ ሃማደኤ ንምቅዋምን ንምቅላዕን ኣብ 21 ሕዳር 2009 ኣብ ሃገር ጀርመን ከተማ መንሃይም ዝተኻየደ ናይ ተቓውሞ ሰልፊ ክተባባዕ ዝግበኦ ትስፉው ተበግሶ እዩ:: እምቢ ንምልክነት! እወ ንዲሞክራሲ፡ መስረቲ ሃማዲኤ ኣብ ማእሰርቲ፡ ንስኻትክን ትስዕስዓ ምስ መደናገርቲ! ንብዓት ኣዴታትና ክድበስ! ምልክነት ይደምሰስ፡ ኣዴታትና ይነብዓ! ሃማደኤ ይስዕስዓ፡ ውድቀት ንዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግዲፍ፡ ግህሰት መሰል ኣሓትና ከብቅዕ! ንሓርነት ንዕጠቕ፡ ኣሓትክን ክቁዝማ! ተንደልሕቓ ኣብ ናይ ግፍዒ ዋዜማ፡ እወ ንልምዓት! እምቢ ንጥፍኣት፡ እወ ንማሕበራዊ ፍትሒ! እምቢ ንጭቆና፡ ህዝብና ንኣብድ! ምስ ሃማዲኤ ኣይነኹድድ.... ብዝብሉ መሰጥቲ ጭረሖታት ወቒቡ ምንባሩ ድማ ዝያዳ ተስፋ ዝህብ እዩ:: በዚ ኣጋጣሚ እዚ ከምዚ ዓይነት ተበግሶ ብሕዝ ግድፍ ዘይኮነ ብዘየቋርጽ ዋሕዚ ክካየድ ዝግበኦ ሃገራዊ ዕማም ምዃኑ ነዘኻኽር::

እዚ መጸዋዕታ'ዚ ናብተን ኣብ ደንበ ተቓውሞ ኮይነን እጃመን ዘወፍያ ዘለዋ ኣሓት ደቂ ኣንስትዮ ጥራይ ዝቐንዐ ኣይኮነን:: እተን ኣዋርኽ ተሸሊምክን ዙርያታት እንዳቐያየርክን ጓይላታት ህግደፍ ተድምቓ ዘለኽን'ውን ናብ ልብኽን ክትምለሳ ይግበአክን:: ከምቲ ወልድና ''ላምሲ ፍርቂ ጐና ኣይትሰብሕንያ'' ዝብልዎ ኣዴታትክን፡ ደቅኽንን ኣሕትክንን ብሰንኪ ስርዓት ህግደፍ ምድረሰማይ ሓርቢታተን እናተጣርዓ መዳመቕቲ ወጻዕቲ ክትኮና ግቡእ ኣይኮነን:: ካብታ መሪር ናይ ቃልሲ ተመኩሮ

ዝሓለፈት ኤርትራዊ ጓለንስተይቲ ክትሰምያ ድማ ዘስደምም’ዩ:: ሎሚ ኣብ ጕኒ ደላይ ለውጢ ህዝብኽን ተዘይተሰሊፍክን፡ እምበኣር ዓጽሚ ናይተን ንሃማደአ ዝመስረታሞ ብድሕሪ መስዋእተን ማሕበረን መሰለን ዝሕልው ዘይኮነስ መስመሩ ስሒቱ መናውሒ ዕድመ እቲ ስርዓት ኮይኑ ዘሎ ስዉኣት እሾኽ ኮይኑ ክወገኣክን እዩ::

# ቃለ መጠይቕ

<u>ምስ ኣስገደት ተስፋዮሃንስ</u>



*ኣስገደት ተስፋሃንስ ትበሃል:: ገዲም ተጋዳሊት እያ:: ኣብዚ እዋን’ዚ ኣብ ሃገር ሆላንድ እትነብር ኣባል ማእከላይ መሪሕነት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ኮይና ትቃለስ ኣላ:: ኣብዚ ቀረባ ግዜ ኣብ ዝተኻየደ ናይቲ ግንባር 1ይ ጉባኤ ኣብ ዝተሳተፈትሉ ምስ ልሳናት ኤርትራዊ ደሞክራሲያዊ ኪዳን ተለቪዥን ደሃይ ኤርትራ፡ ድምጺ ደሞክራሲያዊት ኤርትራን መጺሔት ኪዳንን ዘካየደቶ ቃለ መሓትት ኣብ ናይ’ዚ ሕታምና ዓምዲ ቃለ-መሓታት ኣቕሪብናዮ ኣለና:: ሰናይ ንባብ::*

<u>ኪዳን</u>፡ እስከ ከም መጀመሪ ክኾነና ናይ ቃልሲ ተመኩሮኺ ግለጽልና?

<u>ኣስገደት</u>፡ ኣብ ግዜ ቃልሲ ምእንቲ ነጻነት ተጋዳሊት ነይረ:: ሕጂ’ውን እቃለስ ኣለኹ:: ገድሊ ከምቲ ስሙ ሓያል እዩ:: እንተኾነ ክትቃለስ እንከለኻ ዕላማ ስለ ዘለካ እሞ ዕላማኻ ነቲ ውጹዕ ህዝቢ ካብ ወጽዓ ከተውጽኦ ከምኡ ድማ ራህዋን ቅሳነትን ዘለዎ ደሞክራሲያዊ ስርዓት ምትካል ስለ ዝኾነ ሽዑ ገድሊ ጥዑም እዩ::



<u>ኪዳን</u>፡ ኣብ ግዜ ገድሊ ድሕሪ ነጻነት እንታይ ዓይነት ኤርትራ ክትህልው ኢልኪ ትሓስቢ ኔርኪ?

<u>ኣስገደት</u>፡ ከምቲ ኣቐዲመ ዝገለጽኩዎ ኣብ ገድሊ ክትቃለስ እንከለኻ ምስ ህዝበይ፡ ኣብ ዓወት በጺሐ ህዝቢ ባዕሉ ናቱ ዝኾነ ስርዓት ዘቘመላ፡ ብሕጊ እትምራሕ ሃገር፡ ህዝብን መንግስትን ብሕጊ ዝቐየዱላ፡ ንኽትከውን መንእሰይ ንክመሃር፡ ሃገር ማዕቢላ ማዕረ ካለኦት ሃገራት ንክትስራዕ እዩ ነይሩ እቲ ዕላማ:: ስለዚ እቲ ኣብ ግዜ ገድሊ ዝነበረ ድሌትን ሃንቀውታን እቲ ኩሉ ዝቃለስ ዝነበረ፡ ዓብይ ይኹን ንእሽቶ ናይ ኤርትራ እንስሳ ዘቤት ማለት ገመልን መጽዓኛን’ውን ከይተረፉ፡ ዝነበረን ኣስተዋጽኦ ዘኪርካ፡ ሕጂ ኣብ ኤርትራ ጸላኢ ምስ ወጸ ዘሎ ናይ ድሕሪ ነጻነት ኩነታት ኣብ ሃገርና ዘሎ ነጻ ኣውጺኤ ብዝብል ወዲ ሃገር ን18 ዓመት ዝኣክል መንግስቲ እየ እናተባህለ፡ ብዘይሕገመንስቲ፡ እትመሓደር፡ መንእሰያት ዝብደሉላ ሃገር ኮና ኣላ:: ኤርትራ ኣዴታት ዝነብዓላ፡ ኣቦታት ዝትክዙላ ሃገር ኮይና ትርኣየኒ’ሞ ነዚ ድዩ ነይሩ እቲ ገድሊ ኢለ እሓትት:: እቲ መንእሰያት ክመሃሩ ሃገር ክትምዕብል ዝነበረ ትጽቢት እሞ እቶም ነዚ ከዕውቱ ዝተሰውኡ፡ ዘኪርካ ምስቲ ዝነበረካ ተስፋ እዚ ድዩ ነይሩ ናይ ድሕሪ ነጻነት ትጽቢት ህዝብና ትብል:: ኮታ ሎሚ ኤርትራ ኤርትራዊ ዝስደደላን ዝእሰረላን ገሃነብሳት ገይረ እየ ዝሪኣ:: ስለዚ ንዓይ እቲ ትጽቢተይን ሕጂ ኣብ ኤርትራ ዘሎን ዓብይ ፍልልይ ኣለዎ::

<u>ኪዳን</u>፡ ናይ ሎምን ናይ ግዜ ገድልን ህይወት ከመይ ተወዳድርዮ?

<u>ኣስገደት</u>፡ ኤርትራዊት ኣደ ኣብ ግዜ ቃልሲ ኣብ መዛግብ መጺኣ፡ ተጋደልቲ ከተዕንግል እንከላ ድምብርጽ ከይበላ፡ ንኹሉ ሕሰም ብትብዓት ተሕልፎ ነይራ:: ንውላዳ ናብ ቃልሲ መሪቓ እናሰደደት ጥሪታ ባዕላ ትጓሲ ዝነበረትሉ ኩነታት ተይሩ:: ድሕሪ ነጻነት ሰለስተ ኣርባዕተ ድቅኺ ኣብ ቃልሲ ተሰዊኦም ክብልዋ እንከለዉ፡ ክኢላቶ::

መን ኣላ 9 ወርሒ ኣብ ከብዳ ሰልስተ ኣርባዕተ ዓመት ድማ ኣብ ዝባና ዝሓብሓበቶ ውላዳ ሞይቱ ክብልዋ ዘይትሓዝን። እንተኾነ ኤርትራዊት ኣደ ነዚ ጉዳይ ብዓይኒ ነጻነት መዚና ጸይራቶ። ንመስዋእቲ ደቃ በቲ ኩሉ ራህዋን ፍትሕን ዘለዋ ሀገር ክረክብየ ዝብል ተስፋ ተደቢሳቶ። ብተግባር ግና እነሆ ድሕሪ ነጻነት ብኣንጻሩ ኤርትራዊት ኣደ እትነብዓሉን እትሓዝነሉን ኮይኑ። እቶም ዝተረፉ ደቃን ደቂ ደቃን ድሕሪ ነጻነት ተሰዲዶምስ ኣበይ ከም ዘለዉ ዘይትፈልጠሉ ኩነታት ተፈጢሩ። ሎሚ ኤርትራዊት ኣደ እንጀራ ቋጺራ ናብ ቤት ማእሰርቲ ከይዳ ሃለዋት እሱራታ ኣብ ዘይተፈልጠሉ ኩነት እያ ዘላ። ኣብ ግዜ መግዛእቲ'ኳ ከምቲ ሓደ ደራፋይ ንሕሰም ቤት ማእሰርቲ ክገልጽ እንከሎ ''ጽቡቓት ዘናቢል ኮሎ ጌና'' ኢሉ ዝደረፎ እሱራትካ ኣበይ ከም ዘለዉ ምፍላጥ ይከኣል ነይሩ። ሎሚ ግና ኣበይ ተእሲሮም ኢልካ እንተ ሓቲትካ መልሱ እንድዒ እዩ። ኣብ ኤርትራ ኣደ ውላዳ ወይ ቤተሰባ ምስ ተኣሰረ ይሙት ይሃሉ ከይፈለጠት ኣብ እትነብዓሉ እዋን ኢና ንርከብ ዘለና። ኣብ ዓመት 365 መዓልታት ኣለዋ። ሎሚ ኤርትራዊት ኣደ ካብዘን መዓልታት እፎይ ኢላ እትቕመጠላ ዋላ ሓንቲ መዓልቲ የለን። ህይወታ ኣብ ፈቐዶ ሓዘን ኮለል ምባል ጥራይ ኮይኑ። ስለዚ ናይ ሎሚ ኤርትራዊት ኣደ ኩሉ ዓይነት መከራ ዝወረሳ እያ ነዓይ።

<u>ኪዳን፡</u> ብሓፈሻዊ ሚዛን ህይወት ኣዴታት ኣብ ሃገራት'ዚ ከባቢናን ኣብቲ እትነብርሉ ሃገርን ከመይ ተወዳድርዮ?

<u>ኣስገድት</u>፡ ኣነ ምናልባት ዘይረኣኹዎ ኩነታት ክህልው ይኽእል። ዝኾነ ኮይኑ ብዙሓት መንእሰያት ኣብ ኮለጃትን መሰል ትካላትን ይመሃሩ ኣለዉ። እተን ኣዴታት ናይዚ ከባቢና ሃገራት ደቀን ናብ ቤት ትምህርቲ ክልእካን ካብ ቤት ትምህርቲ ክቕበላን እንከለዋ ኣነ ይቐንእ። እዚ ኣብ ኢትዮጵያ ዘሎ ኩነታትዩ። ናብ ኩነታት ሱዳን ትኸድና ድማ ህዝቢ ሱዳን ዝሓሸ መነባብሮ ዘለዎ ኮይኑስ ንህዝቢ



ኤርትራ የዕቁብ ኣሎ። ስለዚ ኩነታት መነባብሮ ሱዳናዊት ኣደ ምስ ኩነታት ኤርትራዊት ኣደ ዝመሳሰል ኣይኮነን። ስለምንታይ ኤርትራዊ ኣደ ወግዒ ስኢና በቲ ሓደ ወገን ነፍሰ-ጾር ኮይና በቲ ካልእ ወገን ድማ ናጽላ ሓዚላ እያ ትስደድ ዘላ። ስለዚ እዛ ሱዳናዊት ኣደ ኣብ ኤርትራዊት ኣደ ዝሓሸ ህይወት ሰለ ዘለዋ እያ ነታ ኤርትራዊ ኣደ ተዕቁባ ዘላ።

ናብ ኩነታት እቲ ዝነብረሉ ሃገር ክንከይድ እንከለና ዝተፈልየ እዩ። ምናልባት ንሳቶም ደኣ ብብዙሕ ሽግር ሓሊፎም እንድዮም ናብዚ በጺሖም ዝብለኒ ይህሉ። ነታ ኤርትራዊ ኣደስ ከመይ ገይረ'የ ምስታ ኣብቲ ኣነ ዝነብረሉ ሃገር ሆላንድ ዘላ ኣደ ከወዳድራ። እምበርከ ነዚ ክትበጽሖስ ሕልምዶ ኣለዋ? ሎሚ'ኮ ኤርትራዊት ኣደ እንተላይ እታ መንእሰይ ጀነራላት ህግደፍ እዮም ዝውንንዋ። ንነብሳ'ውን ባዕላ ኣይትውንን እያ። ሎሚ ኤርትራዊት ጓለንስተይቲ ኣብ ሳዋ ድዩ ኣብ ካልእ ቦታ እቶም ጀነራላት እዮም ዝጐትዋ እምበር ብስምዒታ ኣይትኸይድን እያ። ምናልባት ገለ ሰባት ሳሕቲ ደሓን ዝተኸደነት ኤርትራዊት ጓለንስተይቲ ክርእዩ እንከለዉ ኩለን ጽቡቕ ዘለዋ ይመስሎም ይኸውን። ኣነ ግና ንኤርትራዊት ኣደ ብመንጽር 4 ሚልዮን ህዝቢ ኤርትራ እየ ዝርእያ። ሰባት ንኤርትራዊት ጓለንስተይቲ ፍርቂ ሕብረተሰብ ይብልዋ ይኾኑ። ኣነ ግና ክንድቲ ምሉእ ህዝቢ ኤርትራ እየ ዝርእያ። ኣነ ንኤርትራዊት ጓልነስተይቲ ዝያዳ እየ ዝብላ ስለምንታይ ንሳ እያ ንኹሉ ክኢላ ተቓሊሳ ኣብ ዓወት ዘብጸሐት። እንተኾነ ዝተመነየቶ ኣይኮነላን። ስለዚ ኩሉ ግዜ ሕዝንቲ ኩሉ ግዜ እትበክን እትሻቐልን ስለ ዝኾነት ምስ ኣዴታት ናይቲ ኣነ ዝነብረሉ ሃገር ኣየወዳድራን እየ።

<u>ኪዳን</u>፡ ብዛዕባ ሃማድኤ ማለት ሃገራዊ ማሕበር ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራ ዝተኸታተልክዮ እንታይ ኣሎ?

ኣስገደት፡ ኣነ ነዚ ናይ ሃማደኤ ኩነታት ክዕዘቦ እንከለኹ ይገርመኒ። ኣስመራ ኣብ ኤርትራ እትርከብ ከተማ እምበር ንገዛእ ርእሳ ኤርትራ ኣይኮነትን። እቲ ናይታ ማሕበር ምንቅስቓስ ኣብታ ከተማ እዩ ዝርአ። ኣነ ግና ዝያዳ ነቲ ካብ ከተማ ኣስመራ ወጻኢ ዘሎ ገጠር እየ ዝግደስ። ምናልባት ጉጅለ ህግደፍ ኣለና ንምባል ንዝተወሰና ደቂ ኣንስትዮ ካብ ኣብያተ-ትምህርቲ ኣምጺኦም ክእክብወን ይኽእሉ ይኾኑ። እወ እቲ ዕላማ ንርኣዩለይ ምእካብ እንተኾይኑ ዝተወሰና ደቂ ኣንስትዮ ክትእከብ ይከኣል እዩ። እሞ እቲ ክግበረለን ዝግበኦ ቁምነገርከ ተገሩለንዶ? እዩ ነዓይ ዘገድሰኒ። ጓላንስተይቲ ክትመሃርን ብቕዕቲ ኮይና ሃገር ክትመርሕን ንክትክእልኮ እቲ ዘሎ ኩነታት ሃገራ ክግለጸላን ክትፈልጦን እዩ ዝግባእ። እሞ ኣብ ኤርትራ ናብዚ ኩሉ ዘብቅዓ ባይታ ኣሎ ድዩ? ብርግጽ ፈጺሙ የለን። እሞ እዚ ሓለፍቲ ስርዓት ህግደፍ ኣብ ተለቪዥን ንደቂ ኣንስትዮ ብዝምልከት ዘርእይዎ ደኣ ካበይ ይመጽእ? ምናልባት ንዝተወሰኑ ሰባት ብኽምዚ የዕሽውዎም ይኾኑ። ኣነ ግና ከስተማቕሮ ኣንከለኹ እቲ ኣብ ሚዲያ ዝበሃል ምናልባት እቶም ሓለፍቲ ዘዝበልወን ዝገብራ ውስናት ዝብለኦ እምበር፡ ካልእ ነገር ክኸው ኣይክእልን እዩ። እቲ ኣብ ተለቪዥን ዝበሃልን ዝርአን ሓቂ እንተዝኸውን'ውን ነዓይ እኹል ኣይነበረን። ሓንቲ ኣብ ሳዋ ተገዲዳ ናይ መኮነናት ቡን ከተፍልሕ እትውዕ ኣብቲ ማሕበር መጺኣ ከምዚባ ከምቲ እንተበለት ነዓይ ትርጉም የብሉን። ስለዚ ኣነ ኣብቲ ዘለኹዎ ሃገር ብድሌተይ እየ ዝነብር። ንሳተን ድማ ብድሌተን ክነብራ እየ ዝደሊ። ኣነ ድላየይ ይነቅፍ ንሳተን ድማ ከም ድሌተን ክነቕፋ እየ ዝደሊ። ኣነ ብዘለኒ ዓቕሚ ክመሃር እኽእል ንሳተን'ውን ከምኡ ክኾና እየ ዝደሊ። ማሕበር ደቂ ኣንስትዮ ማለት እኮ ንመሰል እታ ጓለንስተይቲ ዝሕለቕ ማለት እዩ። ማሕበር ደቂ ኣንስትዮ ማለት እኮ ጓለንስተይቲ ኣብ ኩሉ ጽፍሕታት ብማዕረ ንክትወዳደር ዝኽእል እዩ። ስለዚ ኣብ ኤርትራ እዚ ናይ ማሕበር ተግባር የለን። ነዓይ ከም ናቱ ብሕቲ



ንብረት ዝውንነኒ ኣካል ማሕበር ኣለኪ እንተኢሉኒ ነዓይ እንታይ ትርጉም ኣለዎ። ማሕበር ባዕለይ ንመሰለይ ዝምስርቶ እምበር ካለኦት ዝተኸቡለይ ኣይኮነን። ኣነ ማሕበር ማለት ናይ መሰልካ መረጋገጺ ትካል ምዃኑ እየ ኣብ ግዜ ቃልሲ ተማሂረዮ። ነዚ ንምዕዋቱ ድማ ይቃለስ ነይረ። እንተኾነ እዚ ማሕበር'ዚ ሎሚ ብሰንኪ ስርዓት ህግደፍ ኣበርዒኑ እዩ። ስለዚ እቲ ክረጋገጽ ዝነበሮ መሰል ኤርትራዊት ጓለንስተይቲ ኩሉ የለን። እዚ ድማ መላእ ሕብረተሰብ ኤርትራ እንዳተወጸዐ እንከሎ መሰል ጓለንስተይቲ ንበይኑ ክረጋገጽ ከም ዘይክእል ዘመልክት እዩ። ምስዚ ኹሉ እቶም ኣብ ስርዓት ህግደፍ ኮይኖም ብመሰል ጓለንስተይቲ ዝጻወቱ ዘለዉ ውሱናት ሰባት ከይተወገዱ ዝመጽእ ለውጢ ከም ዘየለ ዘረድእ'ዩ። እምበኣር ኣጠቓሊልካ ክርአ እንከሎ እቲ ኣብ ተለቪዥን ንደቂ ኣንስትዮ ብዝምልከት ዝቐረብ መደባት መታለልን መዕሸውን እዩ።

ኪዳን፡ ሓለፍቲ ህግደፍ ግና ተለቪዥን ኤርትራ ሓቀኛን ልሳን ህዝብን እያ እዮም ዝብሉ'ሞ ነዚ ኣበሃህላኦም ከመይ ትርእይዮ?

ኣስገደት፡ ብመጀመርያ ይገርመኒ። ሓደ ኣካል ክሕሱ እንከሎ ከምኡ እዩ ዝብል። እታ መደበር ተለቪዥን ህግደፍ ሓሳዊት ምዃና መላእ ህዝቢ ኤርትራ ይፈልጥ እዩ። እንተኾነ እቲ ሓሳዊት ምዃና ዝፈልጥ ህዝቢ ዝገብሮ የብሉን።ብዛዕባኣ ሓቂ እንተተዛሪቡ ክእሰር እዩ። ሎሚ ኣብ ኤርትራ'ኮ ሰብኣይን ሰበይትን ካልኦት ኣባላት ቤተሰብን ኣብ ዘይተኣማመንሉ ደረጃ እዮም ዘለዉ። ብናተይ ሚዛን ኣብ ዓለም ከምዛ ናይ ህግደፍ ተለቪዥን ዝሕሱ የለን። ካብኣ ዝርከብ ዋላ ሓንቲ ሓቂ የለን። ነዚ መደባታ ኩሉ ሰብ "እስከ ነዚ ሓሶት ንስመዓዮ" ኢሉ እዩ ዝከታተሎ።

ኪዳን: ብዛዕባ ቃለ-መሓትት ፕረሲደንት ኢሳያስ ዝተገንዘብክዮ እንተልዩ እንታይ ትብልዮ?

ኣስገደት፡ ኣነ ነቲ ቃለ መሓትት ምስ ሰማዕኩ በኽየ። ህዝቢ ኤርትራ ጻዕረኛን ተሓሊለ ዘይብልን ዘሕብን ናይ ስራሕ ባህሊ ዘለዎን ህዝቢ እዩ። ኢሳይያስ ሎሚ ሳላ ኤርትራውያን ስዉኣት ኣብ ዝረኸቦ ናይ ስልጣን ወንበር ኮፍ ኢሉ፡ ንህዝቢ ኤርትራ ሕንቃቐ ብዝብል ቃል ክገልጾ እንከሎ ክሕንቅቐ ይግበኦ ከም ዝነበረ ስለ ዝኣመነ እዩ። እቲ ዋጋ ህይወት ዝኸፈለ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ነጻ ሃገሩ ዘይሓንቀቐኸ መን ይሓንቅቐ? ዕድል ተዝረክብ'ሞ ተዝሕንቅቐ ጽቡቐ ነይሩ። ስለምንታይ ህዝቢ ኤርትራ ኣብዛ ዓለም ዘይተሰርሐ ቅያ ዝሰርሐ ስለ ዝኾነ። ኢሳያስ ብከምዚ ኣገባብ ኣብ ህዝቢ ኤርትራ ክሕጭጭ እንከሎ ግና ኣዝዩ የሕዝን። እዚ ድማ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዘለዎ ንዕቀት ዘርኢ እዩ። እሞ ድማ ኣብ ቅድሚ ሕብረተሰብ ዓለም ከምኡ ምባሉ። ኮታ ኣይህዝበይን ኢኻ እዩ ዝብሎ ዘሎ።

ኢሳይስ ንሓንሳብ ኣብ ኤርትራ ደሞክራሲ ኣሎ። ምርጫ ኣየድልን'ዩ ይብል። ህዝቢ ኤርትራ ደሞክራሲ ከም ዘይፈልጥ ኣምሲሉ የቕርቦ። ህዝቢ ኤርትራ  ደሞክራሲ ተዘይፈልጥ'ሞ ኣይመተቓለሰን። ኢሳይስ ንህዝቢ ኤርትራ ዝያዳ መኣድታት በሊዑ ዘይጸግብ ይብሎ። እንተኾነ ሎሚ ህዝብና መኣድታትስ ይትረፍ'ሞ ሓንቲ ቅጫ ንብዙሓት'ውን ኣይረኽበን። ህዝብና ኣብ ግዜ ቃልሲኮ ነብሱ ገዲፉ ንተጋደልቲ እናብለዐ ዝተዓወተ ለጋስን ተባዕን ህዝቢ እዩ። በቲ ሓደ ወገን ግና እንኳዕ እቲ ንኢሳያስ ዘይፈለጠ ዝነበረ ኣካል ነዚ ረሳሕ ቃላቱ ሰምዖ ትብል። እቲ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ዘሎ ህዝብና ግና ንኢሳያስ ኣጸቢቑ ፈሊጥዎስ ይቃለሶ'ዩ ዘሎ። ልሚ ህዝቢ ኤርትራ'ኮ ዕላማ ቃልሰይ ከምዚ ኣይነበረን ዝብል ናይ ቃልሲ መርገጽ ስለ ዝሓዘ እዩ ዝእሰርን ዝጭፍጨፍን ዘሎ። ዝተወሰኑ ካብ ህዝቢ ኤርትራ ነቲ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ዝወርድ ዘሎ ወጽዓ ተረዲኦም ከምቲ ዝድለ ኣንጻሩ ዘይምቅላሶም ግና የሕዝነኒ።



ኢሳይያስ ንህዝብና ስራሕ ከይፈጠረሉ ብዘይምስራሕ ኮለል ብምባልን ኣብ ወረ ብምውዓልን ይኸሶ። ሕሉፍ ሓሊፉ ድማ ኣብ ንጽባ ኣዴታትና ኣትዩ ቢሑቐን'ውን ክቆጻጸር ይደሊ። ከምዚ ዓይነት ዘይምልከቶ ምቁጽጻር ዝገብር ድማ ጽንጽያ እምበር ሃገር ይመርሕ ኣለኹ ዝብል ኣካል ኣይኮነን። እሞ ድማ ብናይ ክንደይ ጀጋኑ መስዋእትነት ኣብ ዝተረኽበት ሃገር። ህዝቢ ኤርትራ ስራሕ እናሃለዎ ቀንፈዘው ዝብል ሰነፍ ህዝቢ ኣይኮነን። ኣብ ቃልሲ ምእንቲ ነጻነትካን መሰልካን'ውን ከምኡ ንድሕሪት ዘይብል ህዝቢ'ዩ። ሎሚ ግና በረኻ ወጺኡ ኣንጻር ስርዓት ህግደፍ ንክቃለስ ዘኽእሎ ኩነታት ኣይረኽበን። ስለዚ ሎሚ ብሰንኪ ስርዓት ህግደፍ ህልውና ኤርትራ ኣብ ዘስግእ ደረጃ እዩ ዘሎ። ኢሳይያስ ግና ምናልባት ስልጣኑ ናብ ወዱ ከውርሶ'ውን ይደሊ ይኸውን። ሃገርና ተካኢ ዘይብላ ከይትተርፍ'ውን ካልእ ስግኣት'ዩ። መንእሰያት ብስርዓት ህግደፍ ማሲኖም እዮም። ጉዳይ ሃገር ኣጨኒቑዎም በይኖም ዝዛረቡ ኤርትራውያን ሎሚ ብዙሓት እዮም።

ኪዳን፡ ብሓፈሻ ብዛዕባ ደንበ ተቓውሞ ብፍላይ ድማ ብዛዕባ ኤርትራዊ ደሞክራሲያዊ ኪዳንከ እንታይ እዩ ርኢቶኺ?

ኣስገደት፡ ሎሚ ነቲ ፍልልይካ ኣከኣኢልካ ኣብቲ ዘሰማምዓካ ክትቃለስዩ እቲ ኩነታት ዝዕድም። እዚ ድማ ኣብ ፕሮፖጋንዳ ድዩ ኣብ ወተሃደራዊ ኩነታት ኣብ ኩሉ መዳያት ክኸውን ኣለዎ። ነቶም ለውጢ ከዕንቅፉ ስርዓት ህግደፍ ኣዋፊርዎም ዘሎ ሰለይቲ'ውን ብኸምዚ ኣገባብ እዮም ክምከቱ ዝግበኦም። ስለምንታይ ካብቲ በበይንኻ ትሰርሖ ብሓባር እትሰርሖ ዝያዳ ስለ ዘድምዕ። ኣነ ኣብ ምብዛሕ ውድባት ጸገም የብለይን። ናይ ኣረኣእያ ብዙሕነት ኣድላይ ስለ ዝኾነ። እንተኾነ እቲ መኸተ ኣብ ነንሓድሕድካ  ከይተናኸስካ ኩሉ ዓቕምኻ ኣንጻር'ዚ ጸረ ህዝቢ ስርዓት ክኸውን ይግበኦ። ኪዳን ናይ ኩለን ውድባት ጽላል እዩ። እተን ኣባል ውድባት እንተነፊዐን

ኪዳን’ውን ክነፍዕ እዩ። ስለምንታይ ሓደ ህድሞ እቶም ዘቖምዎ ኣዕኑድ ምስ ጸንዑ እዩ ዝጸንዕ። ኪዳን ድማ ኩሎም ኣባላቱ እንተሰሪሖሙሉ’ዩ ዝሕይልን ዝዕወትን። ኪዳን ከምቲ ትጽቢት ዝተገብረሉ እንተዘኸውን ኩሉ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ጐኑ መተሰለፈ። እቲ ካብ ውድባት ወጻኢ ዘሎ ኤርትራዊ ሓይሊ ኣብ ኪዳን ትጽቢት ኣለዎ። ስለዚ ኣብዚ ውድባት ኪዳን ክነፍዓ ይግበአን። ኣብ ነንሕድሕደን ክከባበራ ይግበአን። እቲ ስራሕ ኣንጻር ስርዓት ህግደፍ ክሳብ ዝኾነ እቲ ካልእ ወገን ከኽብሮ ይግበኦ። ሓደ ውድብ ዝሰርሖ እቲ ካልእ ከናእሶ ኣይግበኦን። ኣብቲ ብሓባር ዝስራሕ ከም ሰላማዊ ሰልፊ ዝኣመሰለ ኣጋጣሚ ድማ ብሓባር ክውፈር ይግበኦ። ስለዚ ነቲ ዝጽበየና ህዝቢ ኤርትራ ሞራል ምእንቲ ክኾኖ ናብ ሓባር ክንጥምት ይገበኣና በሃሊት እየ። ኣብ ውድበይ ዘሎ ርኢቶ’ውን ከምኡ እዩ።

<u>ኪዳን፡</u> ህዝቢ ኤርትራ ምስ ህዝቢ ጐረባብቲ ሃገራት ብኸመይ ክነብር ኣለዎ ትብሊ? ነቲ ብሰንኪ ውግእ ባድመ ምስ ኢትዮጵያ ኣጋጢሙ ዝነበረ ጸገም ኣብ ግምት ኣእቲኺ።

<u>ኣስገደት</u>፡ እቲ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ስርዓት ኩሉ ግዜ ሓዊ ምስ ወለዐ እዩ። ንሕና ድማ መጥፋእቲ ዝተኣጒደ ሓዊ ኢና ኢልና ኣለና። ተግባራት ስርዓት ህግደፍ ካብ ድሌትናን ድሌት ህዝብናን ወጻኢ ዝፍጸም’ዩ። ንሕና ግና ብሰላም ክንነብር ኢና ንደሊ። ሰላም እታ ዝበለጸት ነገር እያ። ቀደም ሰላም ስለ ዝሰኣና ኢና ተቓሊስና። ኢሳይያስ ዝተባህለ ዘራጊ ምስ ኩለን ጐረባብትና ሃገራት ከባእሰና እዩ ዕላምኡ። ከም ኣብነት ክጠቅስ። ሱዳን ኣብ ግዜ ቃልሲ ካለኣይቲ ሃገርና ነይራ። ድሕሪ ነጻነት ግና ስርዓት ኢሳያስ ኣብ ጉዳይ ሱዳን ኢድ ኣእትዩ ነቲ መንግስቲ ካብ ስልጣ ከውርደካ እየ ክሳብ ምባል በጺሑ። ከምቲ ሱዳናውያን ከም ኣጋይሽ ዝቐበሉና፡ ከም ስደተኛታት ዘዕቆቡናን ዘድልየና ናይ ቃልሲ መሳርሒ ናብ ሜዳ እነእትወሉ መሕለፊ ኣፍደገና ምንባሮም ድሕሪ ነጻነት፡ ኤርትራ ካልኣይቲ



ሃገሮም ክትከውን ነይሩዋ። ሕጂ’ውን ኣብ መንጎ ሱዳንን ስርዓት ህግደፍን ዘሎ ዝምድና ዋላ እንተሓብእዎ ሓርፋፍ እዩ።

ንኢትዮጵያ ዝምልከት እንተኾይኑ ካብ መጀመርታኡ ምስ ገዛእቲ እምበር ምስ ህዝቢ ኢትዮጵያ ጸገም ኣይነበረናን። ንሕና ንኤርትራ ነጻ ንምውጻእ ተቓሊስና። ኤርትራ ድማ ነጻ ወጺኣ። ድሕሪኡ ሃሃገርካ ሒዝካ ምንባር ጸገም የለን። ብሰላም ክትነብር እንተኾይንካ ድማ ቅድም ምስ  ጐረባብትኻ ኢኻ ሰላም ትፈጥር። ህዝቢ ኤርትራ ምስ ጐረባብቱ ሰላም ስለ ዝደሊ እነሆ ናብ ኢትዮጵያ፡ ሱዳን የመንን ጅቡትን ይስደድ። በዚ ድማ ህዝቢ ኤርትራ ምስቶም ነዊሕ ግዜ ምትእስሳር ዘለዎ ህዝብታት ርክቡ የርኢ ኣሎ። ንሳቶም እውን ናይ ሓው ኣቀባብላ ይገብሩሉ ኣሎው። ኤርትራውያን መንእሰያት ንኢትዮጵያ ከም ካለኣይቲ ሃገሮም ምርኣዮም ድማ ቅቡል እዩ። እዚ ክበሃል እንከሎ ግና ስደት ጥዑም ኣይኮነን። ኣነ’ኳ ዕድል ተዝረክብ ካብ ኣብ ኤውሮጳ ኣብታ ዝዓበኹላ ሃገረይ ክነብር’የ ዝደሊ። ኣብ ሃገርካ ምንባር ምቓረቱ ዝብላዕን ዝስተን ምርካብ ጥራይ ኣይኮነን። እቲ ዝዓበኻሉ ከባብን ባህልን ንገዛእ ርእሱ ተናፋቒ እዩ። ስለ’ዚ ኣነ ኣብ ስደት ተበላዕኩን ተሰተኹን ምቓረት ኣይህበንን እዩ። ናብዚ ኩሉ ዘውደቐና  ቀንዲ ሽግርና ድማ  እቲ ፈቐድኡ ሓዊ ዝኣጉድ ዘሎ ኢሳይያስን ስርዓቱን ጥራይ እዩ።

ኣብ መወዳእታ ክብሎ ዝደሊ፡ እምበኣር ዓቕሚ ተዝህልወኒ ንኤርትራዊት ኣደ ንብዓታ መሓበስኩላ። ነቶም መንእሰያት መጻኢት ሃገሮም ከመሓድሩ ብትምህርቲ መኾስኮስኩዎም። ናብዚ ንምብጻሕ ሕጂ’ውን ዝዓቕመይ ይገብር ኣለኹ በሃሊት እየ። ንሕና እቶም ዓበይቲ ኣይነርክበሉን ንኸውን። ነቶም መንእሰያት ግና ኤርትራ ሕጊ ዝሰፈናን ህዝብን መንግስትን ብሓደ ሕጊ ዝምርሑላን ኤርትራ ረኺቦም ናብ ዓዶም ክምለሱ እምነየሎም። ነዚ ንምርግጋጽ እየ ድማ ዝቃለስ ዘለኹ። እቶም መንእሰያት ድማ ኣብ ዝሃለዉ ይሃልዉ፡ ነቲ

ኣብ ኤርትራ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ዝፍጸም ዘሎ በደል ከይረስዑ ክቃለሱ ኣለዎም በሃሊት እየ:: ነቲ ጸገም ድማ ዝያዳ ኩሉ ዝፈልጥዎ ንሳቶም እዮም::

# ዜናታት

ብ21 ሕዳር 2009 እቲ ብኤርትራውያን ደቂ ኣንስትዮ ዝተጸወዐ ንስርዓት ህግደፍ ዘቃልዕ ሰላማዊ ሰልፊ ኣብ ሃገር ጀርመን ከተማ መንሃይም፡ ብዓወት ከም ዝተኻየደ ተበግሶ ማሕበር ኤርትራውያን ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ጀርመን፡ ካብቲ ቦታ ሓቢሩ:: ኣብዚ ነቲ ስርዓት ህግደፍ መበል 30 ዓመት ምምስራት ሃማደአ ከኽብር ብዝብል ዘካይዶ ዝነበረ ላዕልን ታሕትን ንምቅዋም ዝተወደበን ብዙሓት ብሰንኪ ስርዓት ህግደፍ ካብ ዝፈትውዋ ሃገሮም ዝተሰዱ ኤርትራውያን ዝተሳተፍሉን ሰላማዊ ሰልፊ፡ ተሳተፍቲ ብዝተፈላለዩ ቋንቋታት ነቲ ስርዓት ዘቃልዑ ጭርሖታት ከም ዝተቓልሑ እቲ ዜና ሓቢሩ:: ካብቶም ኣብቲ ኣጋጣሚ ዝቃልሑ ዝነበሩ ጭሮሖታት፡ እምቢ ንዲክታተር! እወ ንዲሞክራሲ፡ መስረቲ ሃማደኤ ኣብ ማእሰርቲ፡ ንስኻትክን ትስዕስዓ ምስ መደናገርቲ! ንብዓት ኣዴታትና ክድበስ! ዲክታቶርነት ይደምሰስ፡ ኣዴታትና ይነብዓ! ሃማደኤ ይስዕስዓ፡ ውድቀት ንዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግዲፍ፡ ግህሰት መሰል ኣሓትና ከብቕዕ! ንሓርነት ንዕጠቕ:...ወዘተ ዝብሉ ከም ዝርከብዎም’ውን እቲ ዜና ጠቒሱ::

እቲ ዜና ምስዚ ኣተሓሒዙ ከም ዝገለጾ ተሳተፍቲ ሰላማዊ ሰልፊ ኣብቲ ዝተመደበሎም ቦታ ምስ በጽሑ፡ ኣብቲ መእከቢ ኣዳራሽ ዝነበሩ ደገፍቲ ህግደፍ ገሊኦም መሳኹቲ ኣዳራሽ ዓጽዮም ከይርኣዩ ከም ዝተሓብኡ፡ ካልኦት ድማ ነቶም ተሳተፍቲ ንምፍርራሕ ምስሊ



ይስእሉን ድምጺ ይቐድሑን ከም ዝነበሩን እንተኾነ እቶም ተሳተፍቲ ብተግባራት እዞም ኮራኩር ስርዓት ህግደፍ ፍርሒ ከም ዘይተሰመዖም ገሊጹ:: ብድሕርዚ፡ ነቲ ኣብ ሃገሮም ዝተነፍገሞም ናይ ምዝራብን ምስላፍን መሰል፡ ካብ ህዝብን መንግስትን ጀርመን ከም መሰል ክረኽብዎ ብምኽኣሎም፡ ንህዝቢ ጀርመን ብሓፈሻ፡ ነቶም ነቲ ሰላማዊ ሰልፊ ዘሰነዩ ኣባላት ፖሊስን ንምምሕዳር ከተማ ማንሃይምን ድማ ብፍላይ ምስጋና ድሕሪ ምቕራብ ሰልፊ ብሰላም ከም ዝተደምደመ እቲ ዜናዊ ጸብጻባት ገሊጹ:: (ተበግሶ ማሕበር ደቂ ኣንስትዮ ጀርመን)

**************

መራሒ ሕግደፍ ኢሳያስ ኣፈወርቂ ኣብዚ ቀረባ ግዜ ኣብ ሱዳናዊት ከተማ ፖርት ሱዳን ምብጻሕ ኣብ ዝገበረሉ ግዜ ኣብታ ከተማ ናይ እትርከብ ቤት ትምህርቲ ኤርትራውያን ተመሃሮ ብሰላማዊ ሰልፊ ንኽቕበልዎ ወጺኡ ዝነበረ መደብ ናይታ ቤት ትምህርቲ ዳይረክተር ስለ ዘይተቐበሎ ከም ዝፈሸለ ካብቲ ቦታ ተሓቢሩ:: ድሕር'ዚ ፍሽለት ኣብቲ ቦታ ዝርከቡ ደገፍትን ሰለይትን ጸረ-ህዝቢ ስርዓት ህግደፍ ነቲ ተቓውሞ ዘርኣየ ዳይረክተር ናብ ናይ ሱዳን ናይ ጸጥታ ኣካላት ከም ዝኸሰስዎን፡ እንተኾነ ክሶም ተቐባልነት ከም ዘይረኸበን እቲ ዝተረኽበ ዜና ብተወሳኺ ሓቢሩ:: እዚ ተረኽቦዚ ነቲ እቲ ስርዓት ብህዝቢ ኤርትራ ተጸሊእዎ ዘሎ ኩነታት ካብ ዘንጸብርቑ ጉዳያት ሓደ ምዃኑ ናይ ቀረባ ተዓዘብቲ ይረዳድእሉ:: (መርበብ ኣዱሊስ)

*************

ብ20 ሕዳር 2009, 200 ኤርትራውያን ስደተኛታት ኣብ ከባቢ ካፖፓሴሮ ዝተባህለት ወደባዊት ከተማ ኢጣልያ ከም ዝኣተዉ ካብ ዝተፈላለየ መርበብ ሓበሬታታት ዝተረኽበ ዜና ገሊጹ:: ካብዚእቶም 48 ሓንቲ ነፍሰጾር እትርከበን ኣዴታትን 5 ህጻናትን ምዃኖም እቲ

ዜና ሓቢሩ። በቲ ዜና መሰረት ቅድሚኡ እውን ካልእ 300 ኤርትራውያን ሒዛ ትጕዓዝ ዝነበረት ጃልባ ኣብ ማእከላይ ባሕሪ ካብቶም ምስኣ ዝነበሩ ሓደ ሞይቱ ናይቶም ዝተረፉ ህይወት ግና ምድሓን ከም ዝተኻእለ ተሓቢሩ። እዚ ከምዚሉ እንከሎ መንግስቲ ኢጣልያ ስደተኛታት ናብቲ ዝመጽዎ ሃገር ምምላስ ካብ እትጅምር ንደሓር ናይቶም ናብኣ ዝኣትዉ ስደተኛት ቁጽሪ ከም ዝነከየ ኣብዚ ዜና ተጠቒሱ። ብኻልእ ወገን ድማ መንግስቲ ግብጺ ኣብዚ ቀረባ መዓልታት ከም መርኣያ ናይቲ ምስ ስርዓት ህግደፍ ዘለዋ ዝምድና 9 ኤርትራውያን ስደተናታት ኣሲራላ። እዚ ከምዚሉ እንከሎ ዋሕዚ ኤርትራውያን ስደተኛታት ናብ ጐረባብቲ ሃገራት ብሓፈሻ ብፍላይ ድማ ናብ ኢትዮጵያን ሱዳንን ቀጻሊ ኣሎ። (ዝተፈላለያ መርበባት)

************

ነበርቲ ከተማ ዓዲ ቀይሕ ናይ ባኒ መቑነን ክውሰኽሎም ከም ዝሓተቱ ካብቲ ቦታ ተሓቢሩ። ኣብታ ከተማ ዝርከቡ ምንጭታት ከም ዝሓበርዎ፡ ነበርቲ ከተማ ዓዲቀይሕ ብስርዓት ኢሳይያስ ብኩፖን ዝውሃቦም ባኒ እኹል ብዘይምዃኑ ከም ዝተጸገሙ ብምረት ይገልጹን ኣብ ልዕሊ'ቲ ስርዓት ጸቕጥታት ይገብሩን ኣለዉ። ሰራሕተኛታት መንግስቲ እታ ከተማ'ውን ብተመሳሳሊ ኩነታት መዓልታዊ ዝውሃበና ክልተ ባኒ እኹል ኣይኮነን ክብሉ ዘማርሩ ዘለው ኾይኖም እቲ ንመማሃራን ዝውሃብ ባኒ'ውን ንኣገልገልቶም ጥራይ ዘይኮነስ ንኹሉ ተጠቃማይ ዝግበር ክኸውን ኣለዎ ዝብል ሕቶ ከምዝቐረበ እቲ ሓበሬታ ገሊጹ'ሎ። ብዘይካ'ዚ እቲ ህዝቢ በቲ ስርዓት እኹል ቀረብ ኣፋውስ ስለ ዘየለ ናብ ናይ ግሊ ኣብያተ መድሃኒት እንዳኸድና ዝያዳ ወጻኢ ክንገብር ንግደድ ኣለና፡ እዚ ድማ ኣብ ልዕሊ'ቲ ከቢድ ኩነታት መነባብሮ ካልእ ተወሳኺ ሕማም ርእሲ ይኾነና ኣሎ ክብል የማርር ምህላዉ እቲ ካብ እሙናት



ምንጭታት ዝተረኽበ ርጡብ ሓበሬታ ብተወሳኺ ኣረጋጊጹ። (መርበብ ሳሊና)

************

ከም መቐጸልታ ናይ'ቲ ኣብ ወርሒ ሰነ 2009 ብሲቪካዊ ማሕበር ዓለም- ለኻዊ ሓድነት ኤርትራውያን ኣብ ዋሽንግተን ዲሲ ዝተኻየደ “ይኣክል ፍጹም ይኣክል” ዝብል ጎስጓስ ኣብ ሕዳር 19ን 20ን ብልኡኽ መሪሕነት እቲ ማሕበር ሰፊሕ ናይ ጎስጓስን ርክብን ንጥፈታት ከም ዘካየደ ሓቢሩ። እዘን ክልተ መዓልታት ናይ ጎስጓስ ጻዕሪ፡ ነዚ ማሕበር ምስ መሪሕነትን ወከልትን ዝተፈላለያ መንግስታውን ዘይመንግስታውን ኣብያተ-ጽሕፈትን ብዛዕባ እቲ ኣብ ሃገርና ኤርትራ እንዳገደደ ዝኸይድ ዘሎ ቅልውላውን ሓደገኛ ሳዕቤናቱን ዕቱብን ዓሚቕን ዘተ ከካይድ ኣብ ርእሲ ምኽኣሉ፣ ንቐጻሊ ተመሳሳሊ ዘተታት ድማ ትስፉው ናይ ማዕጾ ዕድል ከፊቱ። እቲ ልኡኽ መሪሕነት ብዛዕባ'ተን ክልተ እዋናውያን ተሃወስቲ ዝኾና ጉዳያት ኤርትራ ማለት ጉዳይ ኣዕናዊ ዓጸቦን፡ እንዳሰፍሐ ዝኸይድ ዘሎ ሕቶ ኤርትራውያን ስደተኛታትን ሰፊሕ ጻዕሪ ከም ዘድልዮ ንምብራህ ንክዝተ ዝኣክል ግዜ ብምሃብ ምዉቕ ኣቀባብላ ተገይሩሉ። ስዒቡ'ውን ምስታ ማሕበር ክህልወን ዝኽእል ዝምድና ክዓሙቕን፣ ንዕቤትን ምዕባለን ናይ ነጻ ማዕከናት ሬድዮን መርበባት ሓበሬታን ንምትብባዕን ንምሕጋዝን፤ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዑቕባ ንዝሓቱ ኤርትራውያን ስደተኛታት ጉዳዮም ንምቅልጣፍን ክብ ንምባልን ዝሕግዝ መንገድታትን ተዘትይሎም።

ከምኡ'ውን ብሓደ ወገን ብዛዕባ እዋናዊ ሓበሬታ ምዝርጋሕን ርክብን ናይ ውክልና ጻዕርን፤ ብኻልእ ወገን ድማ ብዛዕባ ክብደት ስቓይ ህዝቢ ኤርትራን ሃገራዊ ቅልውላውን፣ ከምኡ'ውን ህዝቢ ኤርትራ ነቲ ናይ ነባሪ ሰላም፣ ግዝኣተ-ሕጊ፣ ፍትሕን ሰላምን ድሌቱ ንምዕዋት ኩለን መንግስታውያንን ዘይመንግስታውያንን ትካላት

ዘድሊ ዘበለ ህጹጽ ጻዕሪ ኣብ ምግባር ንጹር መረዳእታን ዝሓሸ ግምትን ከም ዘለወን ሓፈሻዊ ገምጋም እቲ ልኡኽ ማሕበር ምኺኑ ተገሊጹ። (መርበብ ኣሰና)

*************

ግዚያዊት ኣባል ባይቶ ጸጥታ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዝኾነት ኡጋንዳ ስርዓት ኢሳይያስ ንእስላማውያን ጥሩፋት ሙሉእ ድጋፍ ይገብር ስለዘሎ ኣብ ልዕሊኡ እገዳ ይወሰን ዝብል መበገሲ ሓሳብ ኣዳልያ ናብ ኩለን ኣባል ሃገራት ቤት ምኽሪ ጸጥታ ንዘተ ዘርጊሓቶ ኣላ። እቲ ብኡጋንዳ ዝተኣመመ እገዳ፡ ውሳነ ባይቶ ጸጥታ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ልዕሊ ኤርትራ እገዳ ኣጽዋር፡ ወተሃደራዊ መካይን ንዋትን መለዋወጢ ኣቑሑን ክውስን ዝጽውዕ'ዩ።

ከምኡ'ውን ኤርትራ ምስ ወተሃደራዊ ጉዳያት ብዝተዛመደ ዝኾነ ይኹን ቴክኒካዊ ሓገዝን ፊናንሳዊ ድጋፍን ከይትረክብ እገዳ ክግበረላ እቲ ውሳነ ጠሊቡ'ሎ። ብዘይካ'ዚ ኣብ ልዕሊ ፖለቲካውን ወተሃደራውን መራሕቲ ስርዓት ኢሳይያስ ናይ ጉዕዞ እገዳ ክግበርን ዘለዎም ሃብቲ ከይንቀሳቀስ ክእገድን እቲ ብኡጋንዳ ዝረቐቐ ውሳነ ጸዊዑ'ሎ። ወተሃደራዊ ተቆጻጻሪ ጉጅለ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኤርትራ ነቲ ኣብ ዓመተ 1992 ናብ ሶማልያ ኣጽዋር ከይኣቱ ዝሓለፈ ውሳነ ብምጥሓስ ናብ ጥሩፋት ሶማልያ ብነፈርትን ጀላቡን ዕጥቅን ስንቅን ትሰድድ ከምዘላ ብማዕከናት ዜና ምሕባሩ ዝዝከር እዩ። ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካን ካልኦት ኣባል ሃገራት ባይቶ ጸጥታ ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ስርዓት ኤርትራ ንሕጋዊ መንግስቲ ሶማልያ ብሓይሊ ክዓልዉ ይንቀሳቐሱ ንዘለው ኣልሸባብን ካልኦት ሕሉፋት ጉጅለታትን ናይ ገንዘብን ኣጽዋርን ሓገዝ ይገብር ኣሎ ክብላ ብተደጋጋሚ ክወቕሳን ካብዚ ንሶማልያን ህዝባን ዘየርብሕ ተግባር ክቑጠብ'ውን ከተሓሳስባ ምጽንሐን ዝፍለጥ'ዩ። (ሮይተርስ)



*************

ኤርትራዊ ዝመበቆሉ ስዊድናዊ ጋዜጠና ዳዊት ኢሳቕ ናይ ፔን ክለብ ናይ 2009 ዓመታዊ ብልጫ ተዋሂቡ። እቲ ብልጫ በቲ ኣብ ሃገር ሸወደን ዝርከብ ኣካል ኣህጉራዊ ማሕበር ፔን እዩ ንዳዊት ኢሳኽ ብ15 ሕዳር 2009 ተዋሂቡ። እንተኾነ እቲ ንኣስታት ሸሞንተ ዓመት ማለት ን2975 መዓልታት ኣብ ዘይተፈልጠ ቤት ማእሰርቲ ምልካዊ ስርዓት ህግደፍ ዝሳቐ ዘሎ ዳዊት ብኣካል ተረኺቡ ነቲ ሽልማት ክቕበሎ ስለ ዘይከኣለ፡ በዓልቲ ቤቱ ወሮ ሶፊያ ካብ ኢድ ኣቦ መንበር'ቲ ማሕበር ተቐቢላቶ። ዳዊት ኢሳኽ ኣብ ኤርትራ ኣሰናዳኢ ጋዜጣ ሰቲት ዝነበረን ካብ ወርሒ መስከረም 2001 ንነጀው ሃለዋቱ ኣብ ዘይፍለጥ ቦታ ተኣሲሮም ካብ ዘለዉ ኤርትራውያን ጋዜጠኛታትን ፖለቲከኛታትን ሓደ እዩ። (ዝተፈላለዩ መርበባት)

*****************

መነባብሮ ካብ ኢድ ናብ ኣፍ ኮይንዎም ኣብ ኣሰካፊ ኩነታት ዝርከቡ ኤርትራውያን ድኻታት ሓረስቶት፡ ጥሪቶም ብዘዋጽኦም ዋጋ ሸይጦም ዋኒኖም ከይዓሙ ስርዓት ህግደፍ ዘይምልከቶ ክነሱ ብሓይሉ ኢዱ ብምእታው ዕንቅፋት ይኾኖም ከም ዘሎ ኣብ ሱዳን ዝርከቡ ምንጭታት ዝለኣኽዎ ሓበሬታ የረድእ። ህግደፍ ጥሪት ሓረስቶት ብቐጥታውን ብዘይቀጥታውን መንገዲ ኣብ ኢዱ ብምእታው፡ ነቶም ሓረስቶት ኣድኪዩ ንምግዛእ ካብ ዘለዎ መደብ ነቒሉ፡ ጥሪት ሓረስቶት ኣብ ክንዲ ብዕዳጋን ብድሌት ዋናታተንን ዝትመንን ዝውሰንን፡ ንዕኡ ብዘዋጽኦ ዋጋ ብደወን እንክለዋ፡ ብሕሳብ ንኪሎ ክንድዚ ክሸየጣ ኣለወን ዝብል፡ ኣስገዳዲ መምርሒ ኣውጺኡ የተግባሮ ከም ዘሎ፡ እቶም ሓረስቶት ድማ እዚ ራስያ'ዩ ዝብል ተቓውሞ ከም ዘስምዑ እቲ ዜናዊ ሓበሬታ ብተወሳኺ ኣረጋጊጹ።

ሎሚ ኣብ ኤርትራ ክብሪ ሃለኽቲ ነገራት ብሓፍሻ፡ ዋጋ እንስሳ ድማ ብፍላይ ሰማይ ኣብ ዝዓረገሉ ኣብዚ እዋን'ዚ፡ ገባቲ መንግስቲ ህግደፍ ብዕራይ፡ ላም፡ ጤል ብ18 ናቕፋ፡ ብኺሎ፡ በጊዕ ድማ ብ20 ናቕፋ ሕሳብ ንኪሎ ክትሸጡ ኣለኩም፡ ካብ'ዚ ወጻኢ ክሸይጥ ይኹን ክገዝእ ዝተረኽበ ብገበን ተሓታቲ ይኸውን ዝብል መምርሒ ኣውሪዱ ብሓይሊ የተግብሮ ምህላው እቶም ምንጭታት ገሊጾም። (ድ.ሰ.ደ.ኤ)

##############

ዝኸይድ ዘሎ መስርሕ ሓድነት ብዝምልከት ብ28 ሕዳር 2009 ኣቶ ኣማኒኤል ሃብተ፡ ኣባል ሓባራዊ መሪሕነታዊ ሽማግለ፡ ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራ፡ ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስን ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራን ኣብ ጀርመን ከተማ ክረፈልድ፡ ክፉት ህዝባዊ ኣኼባ ከም ዘካይዱ። እቲ ኣኼባ ብናይ ወይዘሮ ኣድያም ተፈሪ፡ ኣባል ምትእስሳር ደቂ ኣንስትዮ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ፡ ድሕሪ ምኽፋቱ፡ ኣቶ ኣማኒኤል ሃብተ፡ ብዛዕባ ህልዊ ኵነታት ህዝብናን ደምበ ተቓውሞን ብሓፈሻ፣ ብዛዕባ'ቲ ኣብ መንጎ ሰለስቲኡ ውድባት ዝቕጽል ዘሉ ጉዕዞ ሓድነት ድ ማ ብፍላይ ሰፊሕ መብርሂ ሂቡ። ኣቶ ኣማኑኤል ሃብተ፡ እቲ ጀብሃን ሻዕብያን ዝብል ፍልልያትን፣ ዝሰዓረ ኵሉ ይወስዶ፡ ዝተሳዕረ ከኣ ባዶ ኢዱ ይወጽእ፡ ዝብል ስነ-ኣእምሮን ንመስርሕ ሓድነት ዕንቅፋት ከይኑ ከምዝጸንሐ ኣብሪሁ። ሎሚ ግን፡ ካብ'ዚ ኣተሓሳስባ'ዚ ወጺእና፡ ተመሳሳሊ ርእይቶ ዘለዎም 4 ውድባት ኣብ ዝመጽእ ዘሎ ወርሒ ታሕሳስ 2009 ሓደ ሰልፊ ክንምስርት ንሸባሸብ ኣሎና ኢሉ። ብድሕር'ዚ፡ ናይ ሕቶን ርእይቶን መድረኽ ተኸፊቱ። ኣኼበኛታት ንዝቐረበሎም መግለጽን መልስታትን ብምምጓስ፡ ከም'ዚ ዝኣመሰለ ኣኼባታት ብቐጻልነት ክግበር ተላብዮም። (ሓባራዊ ዜናዊ ኣካል)

############



ሓሙሽተ ኤርትራውያን ስፖርተኛታት ኣብ መፋርቕ ወርሒ ሕዳር 2009 ኣብ ሃገር ሱዳን ከም ዝጠፍኡ ተሓቢሩ። እዞም ስፖርተኛታት፡ ዲክታቶር ኢሳያስ ኣፈወርቂ ኣብዚ ቀረባ ግዜ ናብ ምብራቕ ሱዳን ኣብ ዝገብሮ ዑደት፡ ዑደቱ ንምምዕራግ ሓቢራ ናይ ዝኸደት ጋንታ ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ ኣባላት ዝነበሩ እዮም። በቲ ሓበሬታ መሰረት ብዘይካ'ታ ጋንታ ኩዕሶ እግሪ ካለኦት ኤርትራውያን ኣካላት'ውን መገሻ ኢስያስ ንምምልኻዕ ናብ ሱዳን ሓቢሮም ገይሾም ነይሮም። እቶም ህዝቦምን ሃገሮምን ጸሊኦም ዘይኮነስ ብሰንኪ'ቲ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ሕማቕ ፖለቲካዊ ሃለዋት ኣብ ሱዳን ዝተረፉ፡ ካብ 18 ክሳብ 20 ዓመት ዝዕሚኦም ካብ ከባቢ ምጽዋዕን ዓሰብን ዝተሓርዩ ሓሙሽተ ኤርትራውያን ስፖርተኛታት፡ የውሃንስ ታደሰ፣ ኣለክሳንደር ስዩም፣ ዓብዱ ኢድሪስ መሓመድ፣ ተመስገን ኣብራሃን ሮቤል በላይን ዝተባህሉ ምዃኖም እቲ ዜና ሓቢሩ። (መርበብ ሓበሬታ ደሞክራሲያ)

##############

ዝፈትውዋ ሃገሮም ብሰንኪ መሪር ጭቆና ስርዓት ኢሰያስ ኮርኵሓቶም ናብ ስደት ከምርሑ ዝተገደዱ ኤርትራውያን መንእሰያት፡ ናብራ ስደት'ውን እንተኾነ መፍትሒ ኣይኮነን ዝብል ዕግበት ሒዞም ብዝካኣሎም ኩሉ ተወዲቦም ኣንጻር ዲክታተርነት ክቃለሱ ምስ ዓገቡ ብ29 ሕዳር 2009 ብወግዒ ጉጅለ ባህሊ መስሪቶም እጃሞም ከበርክቱ ፈላሚ ሙዚቃዊ ምርኢት ኣብ ኣዲስ ኣበባ ንህዝቢ ኣቕሪቦም። እዛ ብወግዒ ተመስሪታ ንሃላልነት ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሰያስ ከተቃልዕ ምንቅስቓስ ትጅምር ዘላ ጉጅለ ባህሊ መንእሰያት ኤርትራውያን፡ መጸውዒ ስማ ድሕነት ዝብል ከምዝኾነ ኣብ'ዚ ዕለተ ልደታ ሓቢራ። ጉጅለ ባህሊ ድሕነት ኣብቲ ብምኽንያት ምስረታኣን በዓል ዒድ ኣልኣድሓን ዘቕረበቶ

ሙዚቃዊ ምርኢት፡ ኣባላት ውድባት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳንን ዕድመ ዝተገብረሎም ዕዱማት ኣጋይሽን ተረኺቦም።

ጉጅለ ባህሊ ድሕነት፡ ንዕዱማታ ካብ ዘእንገደቶ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ፡ ብሰንኪ ግጉይ ፖሊሲ ስርዓት ኢሰያስ ልጓም ኣልቦ ሃላልነት ዝወርድ ዘሎ ዘይተኣደነ ሕሰመ-መከራ ንምግታእ ዘበራብር ናይ ሕራነ ግጥምታት፡ ሙዚቃ፡ ዋዛ ምስ ቁምነገር፡ ተዋስኦ፡ … ወዘተ ኣቕሪባ ካብ ዕዱማታ ዓቢ ምስጋናን ናእዳን ረኺባ። ጉጅለ ባህሊ ድሕነት ኣብ ትሕቲ ጽላል ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ኮይና ንተግባራውነት ድሕነት ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ልዕሊ ኩሉ ዝብል መሪሕ ጭርሖ ግሃድኤ ንምዕዋት ብንጥፈት ክትሰርሕ ምኳና ሓቢራ። (ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ)

############

ኣብ ውሽጢ ሰራዊት ህግደፍ ዝርከቡ ኣባላት ብሄር ኩናማ ኣብ ትሕቲ ጽኑዕ ሓለዋ ከምዘለው ተገሊጹ። ብሄር ኩናማ ብስርዓት ኢሳይያስ ክጸንት ተወሲኑ ሕማቕ ሃለዋት ከሕልፍ ተቐሲቡ ከምዘሎ እቲ ሓበሬታ ኣረዲኡ። ንሓደ ሽሙ ክዕቐበሉ ዝሓተተ ናብ ጎረቤት ኢትዮጵያ ዝኣተወ ወተሃደር ስርዓት ህግደፍ ነበር ጠቒሱ እቲ ዜና ከምዝሓበሮ ብፍላይ ኣባላት ሰራዊት ዝኾኑ ተወለድቲ ብሄር ኩናማ ንማይን ዕንጨይትን ኣብ ዝንቀሳቀሱሉ እዋን ከይተረፈ ብደቂ ካልኦት ብሄራት ክሕለው ስለዝግበር ተሸቁሪሮም ብፍርሒ ይነብሩ ኣለው ክብል እቲ ሓበሬታ ኣቃሊዑ።

ስርዓት ኢሳይያስ ቃልሲ ብሄር ኩናማ ሕማቕ ንምጥቃን ወይ ጸለሎ ንምቕባእ ብሄር ኩናማ ውሑድ ክነሱ ሰፊሕ መሬት ብምሓዝ ብስሰዐ እቶም ካልኦት ብሄራት ከይጥቀሙሉ ንምግባር ተወዲቡ ይቃለስ ኣሎ ክብል ፕሮፖጋንዳ ክነዝሕ'ኳ እንተፈተነ ደምሓኩኤ



ምስ ካልኦት ተቓወምቲ ውድባት ሰሚሩ ንመሰሉ ዝቃለስን ንስርዓት ህግደፍ ኣሊኻ ኣብ ኤርትራ ኣብ ማዕርነት ዝተመስረተ ዴሞክራሲያዊ ስርዓት ንምትካል ዝቃለስን ብምዃኑ ህዝቢ ከምዝተቐበሎ ድማ እቲ ዝተረኸበ ጸብጻብ ገሊጹ። ብተወሳኺ ነዚ ሓቒ'ዚ ዝተገንዘበ ስርዓት ኢሳይያስ ንብሄር ኩናማ ብምእባድ ንከጽንቶ ይንቀሳቀስ ምህላው'ውን ጥሪቱ ብሓይሊ ብዘይኣመነሉ ዋጋ ንክሸይጥ የገድዶን ሃብትን መሬቱን ገቢቱ የሳቕዮን ከምዘሎ እቲ ናብ ኢትዮጵያ ዝኣተወ ወተሃደር ከምዘቃለዐ እቲ ነዚ ብዝምልከት ዝተረኽበ ኣቃሊዑ። (መርበብ መሰል ብሄራት)

---

መብዛሕትኦን ካብተን ብዛዕባ'ቲ ንመጀመርያ ግዜ ካብ ኤርትራ ንዝቐረበ ጸብጻብ ክመያየጣ ኣብ'ቲ ብ 30 ሕዳር 2009 ዝተጋብአ ኣኼባ ናይ'ቲ 40 ሃገራት ዝኣባላቱ ባይቶ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት ዝተሳተፋ ሃገራት፣ ነቲ ስርዓት ኣስመራ ኣብ ልዕሊ ህዝቡ ዝፍጽሞ ዘሎ ግህሰታት ሰብኣዊ መሰላት ዝወቅስ ርእይቶ ኣቕሪበን።ተሳተፍቲ፡ ሓደ ድሕሪ'ቲ ሓደ እናተንስኣ፡ ስርዓት ኤርትራ፡ ነቲ ዝፈረመሉ ናይ ሰብኣዊ መሰላት ስምምዓት ብምጥሓስ ክፍጽሞ ዝርአ ዘሎ ግህሰታት ኣመልኪቶም ተቓውሞኦም ኣቃልሑ። ዓዛብ፡ ምስዋር፡ ምዕማጽ ወይ ምድፋር ደቂ ኣንስትዮ፡ ናይ ባርነት ኣገልግሎት፡ ኣብ ትሕቲ ሃገራዊ ኣገልግሎት ዝብል ሽፋን ዝፍጸም ዘሎ ግፍዕታት፡ ደረት ዘይብሉ ማእሰርትን ከም ናጽነት ናይ ምዝራብ፡ ምውዳብ፡ ናጽነት ናይ ኣምልኾ ዝኣመሰሉ መሰረታዊ መሰላት ደቂ ሰባት ምሕራምን ዝብሉ ቃላት፡ ዋላ ካብ'ቶም ካብ ኣፍሪቃን ካልኦት ሃገራት ስሉስ ዓለምን ዝመጹ ልኡኻ ከይተረፈ'ዩ እናተደጋገመ ዝጥቀስ ነይሩ። ኣብ ልዕሊ'ቲ ብስርዓት ኢሳያስ ዝቐረበ ጸብጻብ ልስልስ ዝበለ ርእይቶ ዝሃቡ፡ እቶም ካብ ኢራንን ሃገራት

ወሸመጥ ዓረብን ስዑዲ ዓረብን ዝመጹ ወከልቲ ጥራሕ እዮም ነይሮም።

ኤርትራ፡ እቶም ኣኼበኛታት መታን ግዜ ረኺቦም ከንብብዎ ቅድሚ ኣዋርሕ ክተቕርቦ ዝግብኣ ዝነበረ ጸብጻባ፡ ቅድሚ’ቲ ኣኼባ ምጅማሩ ክልተ መዓልታት ኣቢላ’ያ፡ 16 ገጻት ዘለዎ ዘይዕቱብ ጸብጻብ ዘቕረበት። እቲ ብስርዓት ኣስመራ ዝቐረበ ጸብጻብ፡ መሰላት ኤርትራውያን ዜጋታት ብመሰረት’ቲ ኣብ ግብሪ ዘይውዓለ ብ1997 ዝጸደቐ ቅዋም ሕልው ምዃኑ ከረድእ ዝፍትን’ዩ ነይሩ። ኵሉ ዓንቀጻት ናይ’ቲ ብኤርትራ ዝቐረበ ጸብጻብ ዝንቀፍን መእረምታ ዘድልዮን ምንባሩ ውን ክይጠቐስካ ክሕለፍ ዝከኣል ኣይኰነን። ዶክተር ግርማይ ኣብርሃም፡ ኣባል ባይቶ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት ሃገራት ዝኾነ ወኪል መንግስቲ ኤርትራ ከይተረፈ ውን፡ ብኽምልሶም ዘይክእል ሕቶታት ከም እተጕብአ ተኣሚኑ እዩ። ባይቶ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት ሃገራት፡ ኤርትራ ክትፍጽሞን ከተኽብሮን ኣለዋ ኢሉ ዝኣምነሉ፡ ንመሰረታዊ ሰብኣዊ መሰላት ህዝቢ ኤርትራ ዝምልከቱ ብዙሓት ለበዋታት’ዩ ኣመሓላሊፉ። ከምኡ’ ውን፡ ብኵነታት ሰብኣዊ መሰላት ጸብጻባት ዘቕርቡን ምርመራታት ዘካየዱን ናይ ሕቡራት ሃገራት ትካላት ኣብ ኤርትራ ብጽሖት ክገብሩ ክፍቀደሎም ጠሊቡ።

ኣብ ድሕሪ ቀትሪ ናይ 30 ሕዳር 2009 ኣብ ዝነበሩ ሰዓታት ድማ፡ ኣህጕራዊ ክርስትያናዊ ምድግጋፍ (Christian Solidarity Worldwide) እተባህለ ናይ ሰብኣዊ መሰል ትካል ኣብ ዘካየዶ ጕናዊ ኣኼባ፡ ዶክተር ጎንድወ እተባህለ ኣባሉ፡ ብዛዕባ ኵነታት ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኤርትራ ዘሰንብድ መግለጺ ኣቕሪቡ። ከምኡ’ ውን፡ ኣባላት ኤርትራውያን በርገሳውያን ማሕበራት ዝኾኑ ያሲን መሓመድ ዓብደላ ካብ ሱዳን፡ ኤልሳ ጭሩም ካብ ዓባይ ብሪጣንያ፡ ዓብዱረዛቕ ከራር ካብ ኣውስትራልያ፡ ኣምሃ ዶመኒኮ ካብ በልጅዩም፡



ኣብ’ዚ ኣኼባ’ዚ ተረኺቦም መደረኦም ኣስሚዖም። ተድሮስ ኣብርሃም ዝተባህለ፡ ኣብ’ዚ ቀረባ እዋን ካብ ኤርትራ ዝሃደመ ጋዜጠኛ ከኣ፡ ብዛዓባ ኵነታት ጋዜጠኛታት ኣብ ኤርትራ ኣመልኪቱ፡ ናይ ዓይኒ ምስክር ጸብጻብ ኣቕሪቡ። ወልደሱስ ዓማር፡ ኣቦ መንበር ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ውን፡ ንህልዊ ኵነታት ኤርትራ ኣመልኪቱ ዝርዝር መብርሂ ሂቡ። (ዝተፈላለየ መርበብ ሓበሬታ)

# ግጥምታት

ዋዕሮ ኤርትራዊት

መስዋእቲ ከፊልኪ ምእንቲ ነጻነት
ኣርዑት መግዛእቲ ክትሰብሪ ተሓነጊጥኪ ብረት
ድርብ ቃልሲ ኣካይድኪ ንሰላም ማዕርነት
ጭርሖኺ ዓወት ወይ ሞት
ደይብኪ ወሪድኪ ቊልቊለት ዓቐበት
ምህርቲ ቃልስኺ ስኢንክሉ መቐረት
በዓል ዋዕሮ እዚ ክትፍደያስ ዓቢ ጥልመት
ኣባላት ሃማደኤ ግን ዘይስምዐን ሕፍረት
እንዳረኣያ ስድራቤታት ክካላበት
ጠዋሪ ሲኢነን ኣዴታት እንዳበላ ከርተት

ኣብ ገዘአን ተኾርምየን ተፈሪደን ንሕልፈት
ኣሕዋተን ኣሓተን እንዳዋሐዙ ናብ ስደት
እንታይ ገደሰክን እዚ ኩሉ ፍኹሰት
ንህዝቡ ዝበደለ ዝበደለት ጽባሕ ከም ትሕተት
ግዚኡ  ምስ ኣኸለ ምልኪ ምስ ኣብቀዐት
ተጋጊና ምባል ኣይትኹንክን ዓቐበት
ሕጅ’ዉን ንግጠሞ ሓቢርና ብጥምረት

## ህዝብና ለዋህ'ዩ ይገብርዩ ምሕረት

ክሳብ መዓስ ቾይ- ቾይ ክብሉኽን ክትኮናሎም ኮረሻ
ክሳብ መዓስ ክትዕንግልኦም ክሳብ መዓስ ክትፍርሻ
ክሳብ መዓስ ንበዓል ልኡል ኣስካሉ ክትሕንብሻ
ክሳብ ማዓስ ክትጻወርኦ  ዘረባ ማንከይ በዓልክሻ
ክሳብ መኣስ ክቆጽሩኽን ከም ዓሻ
ኣሓትክን እንዳ ሽጥወን ንሃገራት ኣዕራብ ከም ቃንጥሻ
ብሰብ ጹሩራ እንዳተደፍራ ኣብ ፈቐዶ ጣሻ
ሕልናኽን ዉቐሳ ነብስኽን ፈትሻ
ካብ ጌጋኽን ተማሂራ ንህዝብኽን ክሓሳ
ምስ ኣሓትክን ኣሕዋትክን ተቓለሳ

ንማይ ቤት ህግደፍ ሓቢርና ነፍርሳ::
ዝተባህለካ ፈጽም እዩ ህግድፍ ቃሉ
ሎሚ ዘይትቃለስ ዘይቃለስ ንመሰሉ
ንንያቱ እንዳ ህሰሶ እንዳጠፍኤ ባህሉ
ሃገር እንዳተረፈ መንእሰያት ዘይብሉ
ኣቱም ኣሕዋት ኣሓት ንዑ ንመያየጠሉ
ጌጋ ኣይንፈጽም እንጠዓሰሉ
ሃገር ከይትኸዉን መዕንደሪት ዓዋሉ

(ገብረሚካኤል ሃብተጽዮን)

## ዋዛ ምስ ቁምነገር

### *ሲም - ካርድ*

ኣብ ኤርትራ እዩ:: ካብ ዕለታት ሓደ መዓልቲ ሓደ ተዋዛያይን ፍቱውን መንእሰይ፡ ኣንጻርና ትዛረብ ኣለኻ ተባሂሉ፡ ብኣባላት ፖሊስ ስርዓት ህግደፍ  ናይቲ ዝነብረሉ ዝነበረ ምምሕዳራዊ ከባቢ ብለይቲ ድሕሪ ምውሳዱ፡ ንሰለስተ ወርሒ ተኣሲሩ እዚ ዘይበሃል ዓዛብን



ስቃይን ኣሕለፈ:: ኣብ መወዳእታ ንኽይዛረብ መጠንቀቕታ ተዋሂብዎ ካብ ቤት ማእሰርቲ ይወጽእ:: ብድሕሪ'ዚ እቶም ዘዘናግያምን ዘጻውቶምን ዝነበረ ፈተውቲ ናይዚ መንእሰይ፡ ካብ ቤት ማእሰርቲ ምውጽኡ ሰሚያም ክበጽሕዎ፡ ተኣኪቦም ናብ ገዝኡ ከዱ:: ብድሕሪ'ዚ ከመይ'ሞ ህይወት ማእሰርቲ ምስ በልዎ፡ እቲ መንእሰይ..ዝቐደመ'ኳ ኣድገይ ኣጥፊኡለይ ብዝዓይነቱ ቅኒት.. ደሓን…እየ.. ጥራይ ብምባል፡ ከምቀደሙ ብዙሕ ካብ ምዝራብን ምዕላልን ክቑጠብ መረጸ:: ብድሕሪ'ዚ እቶም ፈተወቱ እንታይ ደኣ ተቐይርካና…ከምቀደምካ የለኻን ዘረባ ገዲፍካዮ ክብሉ ደጋጊሞም ምስ ሓተትዎ፡ ሲም-ካርደይ ኣውጺኦም እንድዮም ኣፋኒየሙኒ ከመይ ኢለ ክዛረብ በሎም ይባሃል::

### *ዝመረሮ ሰይጣን*

ሰይጣን መረረ ሰብ በዚሕዎ፡ ሓንቲ መዓልቲ ስመይ ክቕይር ብምባል ናብ ኣምላኽ ከደ:: ኣምላኽ ድማ፡ እንታይ ኣምጸኣካ ሰይጣን በሎ:: ሰይጣን ትቕብል ኣቢሉ፡ ኣምላኸይ.. ኣነ ስመይ መግለጺ እከይ ተግባራት ኮይኑ፡  ብኹሉ ፍጡር ተፈንፊኑ፡ ስለዚ ዝከኣል እንተኾይኑ፡ ስመይ ክትቅይረለይ'የ መጺአካ ዘለኹ በሎ:: ኣምላኽ ድማ፡ ካብ መጀመርታ ዝግበኦ ስም ከምዝሃቦን፡ በቲ እዋን ድማ፡ ኣስማት ከምዝተወድኣን ንዕኡ ዝኸውን ተባሂሉ ዝተታሕዘ መሕለውታ ስም ከምዘይብሉን ክነግሮ ፈተነ:: ብድሕሪ'ዚ ሰይጣን ብኣንጸርጽሮት ንገዝኡ ክምለስ ምስ ተበገሰ ኣምላኽ ነዓ እስከ ሰይጣን ሓንቲ ስም ኣላ ትደልያ እንተኾይንካ በሎ::  ሰይጣን ሆየ ሕራይ ኣምላኸይ ግርም ዝኾነት ትኹን ጥራይ እዛ ሰይጣን ትብል ስም ኣጥፍኣለይ በሎ:: ኣምላኽ ድማ፡ "ህግደፍ" ዝብል ስም እንተሃብናካ ከመይ ትርእዮ? ምስበሎ፡ ኖ.ኖ ኣምላኸ ካብ ህግደፍስ እታ ናይ ቀደም ስመይ ትሕሸኒ ኢልዎ ተፈላለዩ ይበሃል::